# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.224 | ረቡዕ 20 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 4
"ኣሕዋትናን'ኮ ስፖርት ኣይኩኑን ስዒሮም መጺኦም...






ገጽ 5


ገጽ 9
ጦብላሕታይ፡ ኣብ መጻሕፍቲ ታሪኽ ኤርትራ






ገጽ 11
ዕጫ መጸረዪ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 ወጺኡ




## መራሕቲ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ሪፓብሊክ ቱርኪን ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም

ፕረዚደንት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ሺ. ጂንፒንግን ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ቱርኪ ረሲፕ ጠይብ ኤርዶጋንን፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንበል ናጽነት ኤርትራ፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ኣብ'ቲ ብስም ህዝቦታቶምን መንግስታቶምን ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ እቶም መራሕቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ሰላምን ብልጽግናን ተመንዮም።



ፕረዚደንት ሺ. ጂንፒንግ ኣብ መልእኽቱ፡ ኣብ ሓድሕድ ምክብባርን ምድግጋፍን ንዝተሰረተ ታሪኻውን ሕውነታውን ዝምድና ኤርትራን ቻይናን ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመታት፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መንፈስ ሓራ ማስመርን ርእሱምርኮሳን ጸኒዑ ኣብ ህንጻትን ልምዓትን ሃገሩ ዝተኸተሎ ማስመርን ዘመዝገቦ ዓወትን ክብሪ ዝዀነ ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ንዝተግበር መደባት ዓወትን ኣሳልጦን ተመንዩ።

ፕረዚደንት ረሲፕ ጠይብ ኤርዶጋን ብወገኑ፡ ክልተኣውን ብዙሓውን ምትሕግጋዝ ኣብ መንጎ ኤርትራን ቱርኪን፡ ኣብ መጻኢ ንክልቲኡ ህዝቦታት ብዝርብሕ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ብዝበለጸ ክማዕበልን ክሰፍሕን ክምዝድልድልን ጽኑዕ እምነት ከምዘለዎ ገሊጹ።

## ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ኣስመራ ባህላዊ ካርኒቫል ቀሪቡ

ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንበል ናጽነት፡ ትማሊ 19 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ከተማ ኣስመራ፡ ምዕሩግ ባህላዊ ካርኒቫል ቀሪቡ።

እዚ ብምትሕብባር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ተወዲቡ ብዝተሳተፉ 13 ንኡሳን ዞባታት ዝተኻየደ መደብ፡ ባህላዊ ኣልባሳትን ትልሂትን ትሽዓተ ኣን ብሄራት ኤርትራ ዘንጸባርቕ ኩይኑ፡ ካብ ጎደና ሰማእታት ተበጊሱ፡ ብጎደና ሓርነት ኣቢሉ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረምዩ ተዛዚሙ።

ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ኣብ ዝተኻየደ፡ ብሰኑጥቦውን ባህላውን መደባት ዝተሰነየ ስነስርዓት፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብሓርበኛዊ ተጋድሎናን ብኽቡር መስዋእትናን ዝረኸብናያ ናጽነት ዋላ'ኳ ብፍቕዲ 35 ዓመታት እንተገበረት፡ እቲ ንስለኣ ዝተኻየደ መሪር ገድልን ዝተኸፍለ መስዋእትን ግና ናይ ትማሊ ዘይርሳዕ ታሪኻዊ ፍጻመ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ህዝቢ ዞባ ማእከል በዓል ናጽነቱ ብኸቡብ ዝበለ ድምቀት ንምብዓል ዘድሊ ምድላዋት ክገብር ምጽንሑ ዝሓበረ ኣቶ ኣስመሮም፡ ብዝተሳተፈ ልዕሊ 13 ሽሕ ህዝብን ኣሰታት 2 ሽሕ መንእሰያትን ዝቐረበ ምርኢት ባህላዊ ካርኒቫል፡ ናይ'ዚ መርኣያ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ብትልሂት ዝተሰነየ ባህላዊ ምርኢት፡ ጉዳይምን መንእሰያትን ሰኑጥቦውያን ዘቕረብዎ ሓደሽን ደሞግን ደርፍታት ቀሪቡ።



ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቃድር


ጽንዓትና ዋሕስና! !صمودنا... ضماننا
OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!

ዜና

# ሽፈነ ኣገልግሎት መራኸቢታት ንምስፋሕ፡ ልዕሊ 35 ቢልዮን ናቕፋ ወፍሪ ከምእተገብረ ተገሊጹ

ካብ 1991 ክሳብ 2026 ኣብ ጽላት መራኸቢታት ብዝተገበረ ናይ ልዕሊ 35 ቢልዮን ናቕፋ ገዚፍ ወፍሪ፡ ጂኦግራፊያዊ ሽፈነ ኣገልግሎት ቴሌፎንን ኢንተርነትን ንምስፋሕ ኣድማዒ ስራሕ ከምእተዓመ ተገሊጹ፡፡

ሚኒስተር መጉዓዝያን መራኸቢታትን ኣቶ ተስፋስላሴ ብርሃ ንኤሬና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝኣረገን ግዜኡ ዝሓለፈን መሳርሒታት መርበብ ኣገልግሎት ቀዋሚ ቴሌፎን ብሓድሽ ምትካእ፣ ምትካል ንመርበቦት ተንቀሳቓስን ቀዋምን ቴሌፎናት ዘገልግል ትሕተ-ባይታዊ መስመራት ምውዳድ፣ 184 ታወራትን ምስኡ ዝኸይድ መሳርሒታትን ትሕተ-ቅርጻን ምትካል፣ ከምኡ'ውን ምትእትታው ኢንተርነትን በዐጽዋኑ ምስፍሑን ካብ'ቲ ቀንዲ ከምዝሸፍኑ ኣብሪሁ፡፡

በዚ መሰረት፡ ኣብ ከተማታት ኣቑርደትን ዓዲ-ኳላን ሓደሽ ትሕተ-ባይታዊ መስመራት ቴሌፎን ከዘርጋሕ ከሎ፡ ኣብ ዓሰብ ዝለበረ ብሓድሽ ከምእተተክአ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ከተማታት ደቀምሓረ፡ ከረን፡ ባጽዕ፡ ተሰነይን ዓዲ-ቐይሕን መዓስከር ሓይሊ ባሕርን ተመሳሳሊ ናይ ምጽጋንን ምሕዳስን መስመራት መደብ ከምእተተግበረ፣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ድማ ኣብ ከባቢታት ኣኽርያ፡ ዕዳጋ-ሓሙስ፡ ሓዙሓዙ፡ ምህራም-ጭራን ማእከል-ከተማን ብጠቕላላ ኣስታት 73 ኪሎ-ሜተር ዝሸፍን ሓድሽ መስመራት ከምእተዋደደ ገሊጹ፡፡

ኣብ ኣገልግሎት ተንቀሳቓሲ ቴሌፎን ብዝተገበረ ወፍሪ፡ ጂኦግራፊያዊ ሽፈነ 90 ሚእታዊት በጺሑ ምህላዉ ዝሓበረ ሚኒስተር ተስፋስላሴ፡ ምስ ትጽቢት ሃገርን ህዝብን ዝሰሓን ዘሰጉምን፣ ንዝገራውን ኣህጉራውን መራኸቢታት ዘገልግል ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ከምዝህሉ ንምግባር ብቐጻሊ ይሰራሕ ከምዘሎ ኣጺሩ፡፡

ኣብ 2001 ብፍርቂ ሚጋባይት ዝጀመረ ፍጥነት ኣገልግሎት ኢንተርነት፡ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ናብ 1,536 ሚጋባይት ከምዝዓበየን ናብ ራብዓይ ወለዶ (4G) ተኣትዩ ከምዘሎን ብምግላጽ፡ ኣብ ምሕደግ ዝበለ ቦታታት ተደኲሃን ዘለዋ ከተማታትን ሓወሲ ከተማታትን ብ'ዋይ-ፋይ' ኣገልግሎት ኢንተርነት ከምዝረኽባ ንምግባር ዝተጀመረ ዕዮ ኣብ መፈጸምታ ከምዝበጽሐ፣ ከምኡ'ውን ንተመራመርትን ንወሱን መዓልታት ኣገልግሎት ኢንተርነት ንክሓትቱ ኣብ ቅጺ ዝተመርኮሰ ኣገልግሎት ክወሃብ ከምዝጀመረ ኣብሪሁ፡፡

እቲ ጽላት ሓያሎ ብድሆታት ከምዘለዎ ጠቒሱ ድማ፡ 'ታወራት' ንምትካል ዝሓተዩ ትሕተ-ቅርጺ መጉዓዝያ፣ ከምኡ'ውን ሓወሲ-ምድረበዳዊ ቅርጺ መሬትን ብርቱዕ መቑጽትን ካብ'ቶም ቀንዲ ምኽንያም ብምጥቃስ፡ ዚ ኹሉ ተጻዊሮም ተበጺሑ ዝሎ ደረጃ ክዉን ንዝገበሩ ሞያውያን መንእሰያት መጉሱ፡፡

ሚኒስተር ተስፋስላሴ ኣብ መወዳእታ ንናይ መጻኢ ውጥን ስራሕ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ብምስዓብ ኑቲ ኣገልግሎት ንምምዕባል ብቐጻሊ ከምዝስራሕ ብምሕባር፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣርዓታ - ማእከል ደንካልያን ጋዴን - ንኡስ ዞባ ደቀምሓረን ካልኦትን ከባቢታትን ታወራት ናይ ምትካል መደብ ከምዘሎ ገሊጹ፡፡



# ባህርያዊ ፈሳሲ ድኾዒ፡ ደራኺ ተራ ይጻወት ከምዘሎ ተሓቢሩ

ኣብ መላእ ሃገር ዝርከቡ ሓረስቶት፡ ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ካብ ተረፍ-ዓሳን ጸህያይ ባሕርን ዝምስራሕ ባህርያዊ ፈሳሲ ድኾዒ ንክኹኑ ሓያል ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎ፡ ህዝባዊ ርክብት ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓቢሩ፡፡

እዚ ብምውህሃድ ሚኒስትሪታት ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን ዝዳሎ ዘሎ ባህርያዊ ፈሳሲ ድኾዒ፡ ናብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ተዘርጊሑ ምህላዉ ዝሓበረ እቲ ጸብጻብ፡ ደሮ እወታዊ ፍረ ይህብ ከምዘሎ ኣረጋጊጹ፡፡

ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከቡ ሓረስቶት ድሮ ኣብ ጥቕሚ የውዕሉዎ ብምህላዎም፡ ኣብ ምኽዕባት ምህርቲ እወታዊ ተራ ይጻወት ከምዘሎ፡ ክኢላ ልምዓት ብቐሊ ወ/ሮ ኣብዲት ዓንደማርያም ሓቢራ፡፡

ካብ ተጠቀምቲ ባህርያዊ ፈሳሲ ድኾዒ - ሓረስታይ ዳኒኤል ግርማይ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ ፈሳሲ ድኾዒ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታቶም ኣገዳሲ ሓጊዙ ምኻኑ ብምግላጽ፡ ብቐንዱ እቶታውነት ኣብ ምዕባይን ባልዓት ኣብ ምርሓቕን ሓጊዚ ስለዝኾኑ፡ ሓረስቶት ብዝበለጸ ክጥቀሙሉ ተላቢዩ፡፡

ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መላእ ሃገር ዝርከቡ ሓረስቶት - ነዚ እቶታውነት ዘኸዕብት ባህርያዊ ፈሳሲ ድኾዒ፡ ኣብ ጥቓኦም ካብ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ወይ ኾጣ ሕርሻ ክረኽብዎ ከምዝኽእሉ ገሊጹ፡፡

ኣብ ከተማ ባጽዕ ተደኲና እትርከብ ፋብሪካ ምምስራሕ ባህርያዊ ፈሳሲ ድኾዒ - ዓብዱር፡ ኣብ ወርሒ ኣስታት 70 ሽሕ ሊትሮ ናይ ምፍራይ ዓቕሚ ከምዘለዋ፡ ጸብጻብት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ የጸር፡፡

# ኣስመራ - ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ስእላዊ ምርኢት ተኸፊቱ

ብምኽንያት 24 ግንቦት - መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ፡ ብመኩሃን ሓበሬታን ኣስኣስን ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝተወደበ፡ ምስ ታሪኽ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስፖርት ሃገርና ዝሓለ ስእላዊ ምርኢት፡ ብ18 ግንቦት ኣብ ኣስመራ - ኺ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ተኸፊቱ፡፡

ኣብ'ቲ ብሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል - ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ ዝተኸፍተ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ዕድመ ዝተገበረሎም ኢጋይሽን ስፖርታውያንን ተረኺቦም ነይሮም፡፡

ኣብ'ዚ ንመበል 3ይ ግዜ ዝቐርብ ዘሎን ክሳብ 26 ግንቦት ክፉት ኮይኑ ዝጸንሕ ስእላዊ ምርኢት፡ ንጉዕዞ ኣስታት 100 ዓመታት ታሪኽ ስፖርት ኣብ ሃገርና ዝድህስስ ልዕሊ 300 ስእልታት ቀሪቡ'ሎ፡፡

መኩሃን ሓበሬታን ኣስኣስን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ምስ ስወኣት ስፖርታውያን ዝሓለ ስእልታት ንምርኢት ኣቕሪቡ ከምዝነበረ ዝዝከር'ዩ፡፡

# ማእከል ደንካልያ - ሓደጋ ባርዕ ዕንወት ኣውሪዱ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣፋምቦ - ንኡስ ዞባ ማእከል ደንካልያ ብ13 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕሪቐትሪ ዝተኸሰተ ሓደጋ ባርዕ ኣብ ንብረት ዕንወት ከምዘውረደ፡ ወኪል ኤሬና ሓቢሩ፡፡

ቡቲ ካብ ሓንቲ ትካል ዝተቐለ ባርዕ ሓዊ፡ ኣብ ኣስታት 20 ትካላትን መንበሪ ኣባይትን ከቢድ ክሳራ ከምዘስዓበ፡ መርማሪ ፖሊስ 3ይ መደብር ፖሊስ ኣቶ ሊባኖስ ብርሃ ገሊጹ፡፡

ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ኣብ ምጽራይ ከምዝርከብ ብምጥቃስ፡ እቲ ኣባይቲ ብሰንጸይቲ ዝተሰርሐን ዝተለጋገበን ብምዃኑ፡ ኑቲ ባርዕ ዝያዳ ከምዝጋደደ ኣፍሊጡ፡፡

ኣዛዚ 3ይ መደብር ፖሊስ ምኽትል ተለንት ተኸለማርያም ተክኤ ብወገኑ፡ እቲ ኩነታት ከቢድ ከምዝነበረ ብምግላጽ፡ ኑቲ ባርዕ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ንምእታው ብህዝብን ሰራዊትን ንዝተረኽበ ተወፋይነት መጉሱ፡፡


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም　　ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ　　ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ፎሮ - ጽበት ክፍልታት ትምህርቲ ንምቅላል ተበግሶ ተወሲዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ - ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ኩምሀለን ገደም-ላሓዜንን፡ ገንዘቦምን ጉልበቶምን ኣወሃሂዶም፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ላሓዜን ብልዕሊ 350 ሽሕ ናቕፋ ተወሳኺ ክፍልታት ሃኒጾም፡፡

ብ17 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት፡ እታ ኣብ 1995 ናይ መባእታ ትምህርቲ ኣገልግሎት ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ፡ ኣብ 2011 ናብ ማእከላይ ደረጃ ብምስግጋራ ጽበት ኪጋጥም ምጅማሩ ብምሕባር፡ ነዚ ጸገም'ዚ ንምቅላል እቲ ተበግሶ ከምእተወሰደ ተሓቢሩ፡፡

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ መምህር ረሺድ መሓመድ-ዑስማን ብወገኑ፡ ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰል ስለዝኾነ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ መርሓ'ዚ ምርከቡስ ብምግባር ናብ ኩሉ ከባቢታት ንምብጻሑ ሓያል ጻዕሪ የካይድ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ዝኮደለ ንምምላእ ብኮም ደረጃ ዝወሰድ ተበግሶታት ክደፋኣሉ ተማሕጺኑ፡፡

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣቶ ዑስማን ዓራፉ ድማ፡ እቲ ብምውህሃድ ክልተ ምምሕዳራት ከባቢ ዝተተግበረ ኣበታዊ ስራሕ፡ ኣብ ትምህርቲ ዝሎ ንቕሓት ሕብረተሰብ ዘርኢ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ሓገዝ ከምዝገብር ኣረጋጊጹ፡፡

እቲ ኢጋጥሚ፡ ተመሃሮ ብዘቕረብዎ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ደሚቑ ነይሩ፡፡

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ጉልዒ ዝጸንሖም ጸገም ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንምፍታሕ፡ ገንዘቦምን ጉልበቶምን ኣወሃሂዶም ብኣስታት 200 ሽሕ ናቕፋ ዝሰርሕዎ 4 ክፍልታት፡ ብ18 ግንቦት ተመሪቑ፡፡

ርእሰ-መምህር መባእታ ቤት-ትምህርቲ ትኹል መምህር ጀሚል ሰይድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መሰርሒ ህንጻት ካብ ወርሒ ጥቅምቲ 2025 ከምዝተጀመረ ብምጥቃስ፡ ነበርቲ ንዝገበርዎ ኣበርክቶ መጉሱ፡፡

• • • • • • • • • • • • • • • •

**መደብ ተለቪዥን (ሰሉስ)**

**ዕለት 20/05/2026**

ርሑስ ቅንያት ናጽነት እናተመነና፡ ካብ ሰዓት 9 ቅ.ቀ ጀሚሩ ኣብ ዝቕጽል ዕለታዊ መደባትና ነዚ ክቡር ዕለት ዘጉልሕ ትሕዝቶታት ክህልወና እዩ፡፡

# ርእይቶ

## ፍረ ጽንዓት ኣብ ቅንያት ናጽነት

ER MEDIA

ከምቲ ስነ ጥበባዊ ተጋዳላይ ሰለሙን ጸሃየ ኣቡታ "ሳሕል" እትብል ሁብቡቲ ግጥሙ፥

**'ሳሕል ሓቂ፡ ሳሕል ሓይሊ.**
**ሓቂ ብዘይ ሓይሊ.**
**ሓይሊ. ብዘይ ሓቂ**
**ሳሕል ነይምኾነ.'**

ብምባል ንምዝንን ወህደትን ሓቅን ሓይልን ዝገለጾ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ዝምድናታት'ውን ሓንቲ ሃገር፡ ህላወኣን ረብሓኣን ብቖዋምነት ከተውሕስ እንተኾይና፡ ኣብ መንነ ቅኑዕ መርገጺ ምሓዝን ኑበስኻ እተኽላኸለሉ ሓይሊ. (ዝያዳ ድማ ረቂቕ ሓይሊ.) ምውህላልን ሚዛናዊ ወህደት ክትፈጥር ኣለዋ። ኤርትራ ሓቂ ኢላ ንዝሓዘቶ መትከልን ኣካይዳን 'ኣይፍትን' ስለ ዝበለት ሓጥያት ተቐጺሩ፣ ንዊሕ ዓመታት ግዳይ ፖለቲካዊ ውዲታትን ኢፍትሓዊ እገዳታትን ኮይና ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሎሚ ኣብ ቅንያት መበል 35 ዓመት ጽምብል ናጽነታ፡ "እገዳ" ክለዓለላ ምኻኑ ዝሕብር ሕሹኽታ ይሰማዕ ኣሎ።

እቲ ልክዕ መልሲ፡ ቀደሙስ መዓስ ግቡእ ነይሩ፤ መዓስ ኣድላይነት ነይሩዎ፣ እዩ። ይኹን እምበር እቲ "ትገሸተትና" ምባል እውን ጸቡቕ'ዩ። ግን ከኣ ናይቲ "ሓቂ ብዘይ ሓይሊ፡ ሓይሊ. ድማ ብዘይ ሓቂ" ትርጉም ኣልቦ ምኻኑ ምስክር'ዩ።

ኤርትራ ዘርኣየቶ ጽንዓት፡ ህዝቢ. ኤርትራ ዝተጻመሞን ዝተጻወሮን መከራ፡ ፖለቲካዊ ጸቕጥን እገዳን ከም ስትራተጂ ኣብ ኤርትራ ኑቲ "ዝሓልሙዎ" ከየህደሎም ከም ዘይክእል ኣረጋጊጹሎም ኣሎ። ኤርትራ ሃገራዊ ጥምረታ ዝያዳ ሰጢሙ፣ ናይ ምግባር ዓቕማ ጎልቢቱ፣ ተሰማዕነታን ጽልዋኣን ዓብዩ፣ መኸተኣ ደንፊዑ። እቶም ኤርትራ ንምርብራብ ዝተረባረቡ ረብሪቦም፣ ስሕተቶም ክእርሙ ተቐሲቦም ኣለዉ።

ኤርትራ ሓቅን ሓይልን ሒዛ ኑብሳ ተኸላኺላ'ያ። እቲ ሓይሊ. ሕውሰዋስ ናይ ብቕዓት መሪሕነት፡ ወተሃደራዊ ዓቕሚ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ውዳበን ህዝቢ፡ ጽንዓትን ተጻዋርነትን ወዘተ. እዩ። ዝጸመመት ዓለም፡ እዚ. ክትህበና ዝተገደደት ምሕጽንታና ኣደንጊጹዋ ዘይካኣሉ ኑቲ ዝተሸረኸልና ዕንቅፋታት ሰጊርና፡ ኣብ ዞባና (ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን) ዘይገሰይ ተራ ዘለዋ ብቕዕቲ ሃገር ስለዝውሓስና'ዩ። ሓያላት ዓለም ንኤርትራ ምውሳን (ምህማሽ) ከምዘይርብሖም ክርድኡ ዝኸኣሉ፡ ብቐንዱ ኤርትራ ብጸቕጥታት ከይተዳኸመት ሓይሊ. ክትድልብ ስለ ዝበቕዐት እዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኤርትራ፡ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ኣብ ምስግጋርን ቦታኣ ንምጥጣሕን ምዕይዕይ ትብል ኣላ። ዝጸንሐ ቀይድታት ኣልዩ፡ ዝተገዓዘቶሉ ኩርኳሕ መድማዪ እትገብሮ ምንቅስቓስ ቀያሪ ከም ዝኸውን እዙም ክሳብ ሕጂ ዝረኣዩ ዘለዉ. ምልክታት ኣመት ክህቡና ይኽእሉ'ዮም። ሎሚ፡ ብዘይካ'ቲ ምውሓጥ ዝኣበየ፡ ኣብ ዞባዊ ይኹን ኣህጉራዊ ጉዳያት፡ ኤርትራ ኣግሊልካ ሰላምን ምርግጋእን ከም ዘይሕሰብ ዘይተረድኦ ሰብ ዳርጋ የለን።

እቲ ሓቂ፡ እዚ. ንበሎ ዘለና'ዩ ሕጂ እውን እንተኾነ ንሓቅነትና ተቐቢሎሞ ይኾኑ እምበር፡ ምሉእ ብምሉእ ኣሚኖምሉ እዮም ክንብል ኣይንደፍርን። ኣይፋል፡ ንሓቅነትናን ሓይልናን ኣሚኖምሉ'ዮም ዝብል ገምጋም ዘለዎ'ውን ኣይሰኣንን። በዚ. ይኹን በቲ ግን ክለማመዱዎ ንኹሉ ግዜ ከም ዘድሊ. ክንዘኻኽሮ የብልናን።

- - - - - - - - - - - - - - -

## የቐንየልና! ንጽኑዕን ተባዕን ህዝቢ. ኤርትራን ሰራዊቱን

መሓመድኑር ያሕያ

መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነትና ሓርነትን "ጽንዓትና ዋሕስና!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ይኽበር ኣሎ። ብርግጽ ድማ ኣብ'ዚ ዝተሓለፈ ቀርቋሰን ቅልውላውን ግጥምን ህልኽን ዝሰፈኖ ዞባ ኳንና፡ ውሽጣዊ ሰላምናን ርግኣትናን፣ ልኡላውነትናን ደቢትናን ከውሕስ ምኽኣልና ወጽኢት ዘይቕረፀ ጽንዓትና እዩ።

ቀንዲ መለክዒ ናይ ሓይሊ. ዝረጋገጸሉ ዓወት ክሳብ ክንደይ ትዕቅቦ'ዩ። ንኣብነት ኣብ ወተሃደራዊ ግጥማት፡ ኣብ ሓደ ግጥም፡ ሓደ ወገን ሰፊሕ ቦታታት ክሕዝ ይኽእል ይኸውን። እንተኾነ ግን ክዕቅቦ ይኽእል'ዶ፧ ኑቲ ዘረጋገጾ ዓወት ክዕቅቦ እንተዘይክኢሉ ብቕልጡፍ'ዩ ዝኸስር። ህዝብና ብመሪሕነት ሰውራኡ ዝዩደ ህዝባዊ ሓርነታዊ ኩናት ወተሃደራዊ ውግኣት ጥራሕ ዘይካኣለ ምስ ምዕባለታት ሜዳ ዝኸይድ ፖለቲካዊ ማሰርሕ እውን ዝጠቓለለ እዩ ነይሩ። ሰፊሕ ህዝባዊ ደገፍ ዝግመፍ፡ ወትሩ እናተሓደሰ ዝኸይድ፡ መንእሰያት ካብ ክልቲኡ ጾታታት ብቐጻሊ. እናተሳተፉዎ፡ ነዊሕ ማሰርሕ ሓሊፉ ናብ ምሉእ ዓወት ዝበጽሐ ሓርነታዊ ኩናት እዩ ዝነበረ።

ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ "ኑቲ ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን'ዩ" ዝብል ፖለሲኦም ንምትግባር ህዝብና መሬትን ናይ ምብዳም ፖሊሲ. ብምኽታል ኣብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ. ሰብን ንብረትን ጥራይን ዘይኮነስ ዕንወትን ህልቂትን እዩም ፈጺሞም።

የጉዳስ ጽንዓትና ኣብ ቅድሚ ኩሉ ፈተነታት ጸላእቲ ዘይቕርፀ ኮይኑ እዩ ተገዚፉ። እቲ ብመርር ተመኪሮ ዝተመልመለ ሰውራ ኑቲ ዘይሰዓር ህዝባዊ ድሌት እዩ ዝመርሐ ነይሩ። መሬት ኤርትራ'ውን እንተኾነ ከም ተራ ሰንጭሮን ታባታትን ጎቦታትን ዝግለጽ ኣይኮነን። ናይ ዘይዕጸፍ ጽንዓት ሕላገት እዩ። ዓቕሚ ህዝቢ. ኤርትራ ካብ ትሕቲ ሓሙኸሽቲ ክትንስእ ዝኽእል ዘርርም ሓይሊ. እዩ። ጸላእቲ ሕቶ ኤርትራ ንምብርዓን ዘኽእሎም ግዜ ንምኽሳብ ብጡልዩብ ዘተ ከደናግሩ እንተ ፈተኑ'ውን ኣይሰለጦምን። ሰውራ ኣብ ሃገራዊ ዕላማታቱ ጸኒዑ፡ ብጽንዓቱ ዘረጋገጾ ልዕልና ናይ ሓይሊ. ሐዙ እዩ ንጸላእቲ ኣብ ዘተ ዘድሃዞም።

ኢትዮጵያ ኩሉ ዓቕማ ጸንቂቓ ካብ ኩናት ብሕፍረትን ፍሽለትን ምስ ወጸት፡ እቲ ኣብ ልዕሊ. ሰላማዊ ህዝብና ህልቂት ዝፍጸም ዝነበረ ሰራዊት፡ ሕፍንቲ ማይን ከላሶ እንጀራን ዝልምን ናብ ሃገሩ ብሰላም ዘብጽሖ ውሑስ መገዲ ዘናዲ ውርደተኛ ሓይሊ. ኮይኑ። ህዝብና ግን ኩሉ ግዜ ሊጋሱ ለዋሁ ይቕረ በሃሊ፡ ስለዝኾነ ብመሰረት ስብኣውን ኣህጉራውን ሕጊ. ሰላምም ኣውሓሰሎም።

ድሕሪ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝበረ. ዓማጺ. ስርዓት ምስ ተኣልየ፡ ኣብዛ ጉረቤት ሃገር ኢትዮጵያ ስርዓትን ጸጥታን ንምስፋን ኤርትራውያን ዘኰለሎም ሓገዝ ኣበርኪቶም እዮም። እንተኾነ ግን ሓልዮት ህዝቢ. ኤርትራን መግለጹን ጸቡቕ ኣይተፈደየን። ዳግማይ ኣብ ልዕሊ. ኤርትራ ኩናት ተሃዊኑ። ልኡላውነት ንምሕላውን ንምዕቃብን ከኣ መንእሰያት ኤርትራ ብተብዓት ማኪዶም። እቶም ንኩናት ዝድረኹ ደገፍቲ ፍሽለት ምስ ተሰከሙ እቲ መሳቢ. ኩናት ዝኾነ ጉዳይ ናብ ሕጊ. ኣምሪሑ። ማሰርሕ ዳንት ከኣ ንውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ወሊዱ። እንተኾነ ሽዑ'ውን ንኣህጉራዊ ሕጊ. ክምእዘዙ ኣይደለዩን።

መድረኽ ኣይሰላም ኣይኩናት ምስ ሓለፈ፡ ተኸቢቢርካ ንምንባርን ሓድሽ መድረኽ ንምጅማርን ድሉዋት ኣሎና ኢሎም። እንተኾነ እቲ እከይ ሓሳቦም ስዒሩዎም ኣብ ልዕሊ. ኤርትራ ውዲት ንምፍጻም ናብቲ ናይ ቅድም ተግባራቶም ተመሊሶም። ይኹን'ምበር ህዝቢ. ኤርትራ ብኹበርታቱ ዘይዋገን ብሃገራውነቱ ዝሕበን ስለዝኾነ ክሰልጦም ኣይክኣለን። ሃገራትን ህዝብታትን ውሽጣዊ ሓድነቶም ዓቂቦም ህልውናኦም ናይ ምውሓስ ክሳብ ክንደይ ዓቕሚ ኣለዎም ኣብ ዝቢ. ሓደሽ እዋን'ዮም ዝፍተኑ። ዝኸርን ሞኽሰን ንሰማእታትና! ክብርን ሓበንን ንሓላዊ ሃገር ጅግና ሓይልታት ምክልኻል! የቐና ዝ. ንኹሉ ፈተናታት ሓይልታት ዓመጽ ዝመከተን ዘበርዓቶ ህዝቢ. ኤርትራ! ኣብዛ ሃገረ ሰማእት ጽባሕ ግድን ብሩህ ክኸውን'ዩ!

## ድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቈል

ዓሰቡ ንርኣዮ

ጉጅለ ብልጽግና ባዕሉ ብዘኣጉዶ ሓዊ እናተለብለበ ብቕልጡፍ ይቐምርር ኣሎ። ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ፡ ከም ፖለቲካዊ ሓይሊ. ታሪኹ ከኽትም ምኻኑ ድማ፡ ህልዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ኣፍ ኣውጺኡ ይነግር ኣሎ።

ብልጽግና፡ ባዕሉ ብዘፈጸሞ ስትራተጃያዊ ጌጋታት'ዩ ርእሰ-ቅትለት ፈጺሙ ዝሰናበት ዘሎ። እዚ. ኣብ ታሪኽ ሓድሽ ኣይኮነን። ጠንቂ ውድቀት ፖለቲካውያን ሓይልታት፡ ኩሉ ሳዕ ዘይብቑዕነት እዩ። ብልጽግና ቀደሙ'ውን ብማይ ሓይሊ. (ኢንፈዩዥን) ሓደስቲ ጉባልል ዞባና ቁሩብ ተሳልዩ እምበር፡ ንህዝቢ. ኢትዮጵያ ኮነ ኑቲ 'ይውክሎ'የ' ዝብሎ ህዝቢ. ኦሮሞ ዝምጥን ዕላማ ኮነ ብቕዓት ኣይነበሮን። ተኸውቢቲ ንባዕሉም ኣብ መዋጥር ምስ ተሸሙ ድማ፡ ዋናኡ ከም ዝጠፍኦ ከልቢ. ጭራሑ ደጉሉ ኣብ ተሃጽሎን ቀባሕባሕን ዝርከብ ጉጅለ እዩ።

ጠንቂ ውድቀትን ሕልፈትን ብልጽግና፡ ካብ ህዝብታት ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ዓለምን ዝተሰወረ ኣይኮነን። ኣብዚን ዝስዕባ ሰለስተ ነጥብታት ጠሚርካ ምግላጹ ይከኣል፡-

1) ዕብለላ ሓደ ወገን ንምርግጋጽ ዝተኸተሎ ዓሌታዊ፡ ከፋፋሊን ኣናጻቲን ፖለቲካ፣ ከም ኣካል ናይዚ. ፖለሲ.'ዚ. ኣብ ልዕሊ. ገዛእ ህዝቡ ዝኣወጆ ኩናትን ኣብዩ ከብበኡ ዘጋጥሞ ዘሎ ወተሃደራዊ ስዕረትን፣

2) ንጉሒላታት ውሽጢ.ን ግዳምን ሰፊሕ ባይታ ዝፈጠረ፡ ብጸቕጢ. ግዳማውያን ሓይልታት ዝተኣታተወ ግጉይ ቁጠባዊ ፖሊሲታትን ብልሽው ምሕደራን ኣብ መነባብሮ ህዝቢ. ፈጢሩዎ ዘሎ ምረት፣

3) ኣብ ክንዲ. ናብ ሰናይ ጉርብትናን ሓባራዊ ዕብየትን ምቋማት፣ ትኳቦ ሰኒቕካ ዞባዊ ጉብለል ናይ ምኻን ጥሙሕ፣ ኑበስኻ ዘይምእማን፡ ኣብ ሓይልታት ግዳም ምምርኳስ፣ ንረብሓታቶም ምኹዳም፣

ቀታል-ብልጽግና እዚ. ስትራተጃያዊ ጌጋታት'ዚ. ምኻኑ ንኹሉ ንጹር እናኾነ ተወርሶኣዊ ሕማም ደጊሱ፡ እዚ. ጉጅለ'ዚ. እውን በቲ ሓቀኛ ጠንቂ ውድቀቱ ክእመን ኣይደለየን። ልክዕ ከም ዝሓለፉ ስርዓታት ኢትዮጵያ ጠንቂ ውድቀቱ ኤርትራ ምኻና ንምእማን ጽዑቕ ዘመተ ተተሓሒዞዎ ይርከብ። 'ድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቈል' ብዝዓይኑ ሕሰድና ድማ፡ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንወለዶታት ዘይዓርፍ ግጭት ወሊዑ ንምሕላፍ፡ ቀደም ብሕግን ታሪኽን ዝተዓጽወ ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ ኣልዒሉ፡ ኑቲ ዝፈንፈና ህዝቢ. ኢትዮጵያ፡ "ደቂሰካ ኣይትሕደር" ዝዓይኑ ናይ ተሰፋ ምቝራጽ መርዝታቱ ክተፍኣሉ ይውዕል ኣሎ። እቲ ዕላማ ንጹር እዩ። ናይ ዕጽዋን ክርደናን ጭኑቕ ስነኣእምሮ ብምፍጣር፡ ህዝቢ. ኢትዮጵያ "ባሕሪ" መፍትሒ ኩሉ ሸግራት ገይሩ ንክወስዶ ብጻዕቂ ምግስጓስ፣ በዚ. መገዲ.'ዚ. ኣቓልቦ ካብ ውሽጢ. ናብ ግዳም ምቕናዕ'ዩ። ናብ ህዝቢ. ኢትዮጵያ ከምዚ. ዓይነት መርዚ. እናተፍኣ ከኣ፡ በቲ ካልእ ወገን ንማሕበረሰብ ዓለም 'ኣብ ውግእ ከይንኣቱ ዕረቑና' ብዝብል ምሕጽንታ ኣብዚ. ናይ ጻዕረ-ሞት ጸወታ ምጽንባር ምስኡ ሓቢሩ ሐዙዎ ዘሎ ዕላማ እዩ።

ጉጅለ ብልጽግና፡ ኣብ ውሽጢ. ኢትዮጵያ ዘካይዶ ዘሎ ዘመተ እውን ብተመሳሳሊ. ዘገርም እዩ። ብሓደ ሸነኽ ሃዋርያ ሰላም መሲልካ ለይትን መዓልትን ንበዓት ሓርገጽ ምንባዕ፣ በቲ ካልእ ዝሰልጥን ዘሎ ብዘሐ. ወተሃደር ኣብ ቴለቪዥን ደጋጊምካ እናርኣኻ ሓያል ምምሳል፣ ዘፍርሕ "ቴክኖሎጂ ውግእ" ከም ዝዓጠቕካ ኣምሲልካ ምህዳድ፣ ኣጽዋር ዝጸዓና መካይን ብማእከል ከተማታት እናመላለስካ ንህዝቢ. ምርዓድ፣ ህዝቢ. ኣንጻር ተቓወምቲ ምእንቲ ክልዓል፡ ንኣሸቱ ግጥማት ምኽንያት ብምግባር ደይ መደይ ኢልካ ብድሮናት ምጭፍጫፉ፣ ብዙተጋነነ ዜናታት ልምዓትን ዓወትን፡ ምስሊ. ቀዳማይ ሚኒስተር ምዕዛዝ፣ ሓይልታት ግዳም ዝመወሉዎን ዝወንኑዎን ሒደት ዘብልጭልጭ መናፈሻታት እናርኣኻ፡ ብልጽግና ብዘዕባ ሃገር ገዚፍ ሕልሚ ከምዘለዎ፡ ህዝቢ. ክንጾ ግዚያዊ ጸገማት፡ ናብቲ ዝመጽእ ተኣምር ክጥምት ብጻዕቂ ምግስጓስ፣ ጉዳይ ምርጫን ካልእ ፍልልያትን ጉልቡብ ብምግባር፣ "ክልል" ክኾኑ ጠለብ ንዘለዎምን ዘይብሎምን ንክፍለዩ ብምትብባዕ ኣቃውማ ሕብረተሰቦት ናብ ዝደቐቐ ምክፍፋል፣ እምነታት ኦርቶዶክስን ምስልምናን ኣብ ውሽጦም ከም ዝከፋፈሉ ምግባር፡ ኣብዩ ከብበኡ ዝጸንሐ ፍልልያት ብምምዝማዝ ሃይማኖታዊን ዓሌታውን ግጭታት ምብራዕ።

ጉጅለ ብልጽግና ብከምዚ. ዓይነት መትሓዚ. ዘይብሉ ሓድሕዳዊ ግጭትን ሕንፍሽፍሽን እዩ ስልጣኑ ክዕቅብ ህርድግ ዝብል ዘሎ። ንኸይጸድፉ ቈንጠጠፈ. ይሕዛ እዩ ነገሩ! ህዝቢ. ኢትዮጵያ ልቦና ይሃቦ። ነዚ. ድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቈል ብዝዓይኑ ቅብጸት፡ ንህዝቢ. ኢትዮጵያ ንሓድሕዱን ምስ ጉረባብቱን ኣናቚቱ፡ ዕምሩ ከናውሕ ዝሀቅን ዘሎ ስርዓት 'ደም ምፍሳስ ኣይንደልን፡ ሰላም'ዩ ምርጫና!' ብዝብል ውሳኔ፡ ብዙሕ ሱብ ከይለከመ ናብቲ ዘይተርፍ ዕጫኡ ክሰናበቶ የድሊ።

# ቃለ- መሕተት

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ኣሕዋትና’ኮ ስፖርት ኣይኮኑን ስዒሮም መጺኦም፡ ውግእ እዮም ስዒሮም” ድምጻዊ ታረቐ ተስፋሂወት

*ኣብ ሃገርና ንኽብርን ዋጋን ናጽነት ዝተሓደሙ ዕዉት ብዙሓት እዮም። ብዝበዝሒ ድማ ንሰለስ ተዘርግዎም። ቅጥንጥን ዝበለ ጉረሮኡ ብኣስተንትኖ ናብ ትዝታ ከም ትሽመም ዝገብሩ ጥዑማትን ተናፈቕትን ደርፍታትን ዘውንን ድምጻዊ እዩ። ብዙሓት ንጽግዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጹ ደርፍታት ዝደረሰ ኮይኑ፡ ሓደ ካብዞም ናጽነትን ሕፎይታን ሃገርም ክርእዩ ሃንቀው ዝበሉ ዝበሉ ኤርትራውያን ስሉጥበኛታት እውን እዩ ጉዳም ድምጻዊ ታረቐ ተስፋሂወት።*

*ኣብ ግዜ ሓርነት፡ ንናጽነት ኣማእኪሉ ካብ ዝደረፈን ሕደማታቱ ቡታ “ናይ ናጽነት መርከብ” እትብል ተዘኮረትን ጥዑምትን ደርፉ ዝያዳ ዝጎልሐ ድምጻዊ እዩ። እዛ ደርፊ እዚኣ ሓንቲ ካብተን ግርማ በዓል ናጽነትና ዘኹና ደርፈታት ሓንቲ ኢያ። ብልሜን ሓይሊ ጸባቐን ናይ’ዛ ደርፊ ድማ ደራሲ ብዝተጠቐመሉ ኮርናዕነን እዋናዊ ሓሳባትን ዝያዳ በርኽ ትርእ። ካብ ጥዑብ ናይዛ ደርፊ እንርድኦ እንተዛልዩ ድማ ንዝሰውታን ድሊያን ገዛዛ ናጽነት፡ ብውክልና (symbolism) ገዛዛ ደርማስ መርከብ ብምውካል ምድራፉ እዩ። ዘይምታዊ ገዛዛ መርከበን ናጽነትን ብጥዑብ ከመሳሰለን ይረእ። መርከቡ ኣብ ነዊሕ ከሎ ሜተራት ባሕርን ወቅያናዊትን ዝገጥሞ ሜዕባዊ ብደህታትን ካልእን ሓሊፉ ገዛዲ ዛዚሙ ኣብ መዓልቦ ወደባ ክትበጽሕ እንከላ ዝርከበ ሕፎይታን ዓወትን ንምግላጽ ዝተጠቐማሉ ድንቂ ሓሳብት ድማ እዩ። በቲ ሓደ ወገን ድማ ክንደይ ገልጠምጠም ተሓሊፋ ናጽነት ክትረጋገጽ እንከላ ንምዝምጋድ እዩ። እዚ ድምጻዊ ናጽነት ብደም ሰውኣት ተወሪዳ፡ ብኽብሪ ናብ ማዕረፊ መዝበራ ክትቅመጥ እንከላ ብሓበን የሰልዩና።*

*እምበኣርከስ ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ንጉዳም ድምጻዊ ታረቐ ተስፋሂወት፡ ኣብ ድሮ መዋእሉ ረኺብና ኣዘራሪብናዮ ኣለና። ምቕሳል ባህርያት ዘውንን ታረቐ፡ ንሕቶና ብሓጎስ እዩ ተቐቢሉዎ። ኣብ ቅንያት ናጽነትን ድሮ መዋእሉን ኬንና ድማ ብዝዕባ እታ ንናጽነት ማእከል ብምግባር ዝሰርሓ “ናይ ናጽነት መርከብ” እትብል ደርፉ ኣዋጊዕና ኣለና፡ ሰናይ ንባብ።*

**- ፈለማ ርሑስ ቅንያት ናጽነት ይግበረልና፤**


ኣሕቢሩ፡ ንኹላትና ህዝቢ ኤርትራ።

**ሕቶ - ኣበይ ሃገር ኢኻ ትቕመጥ ዘለኻ፤ እስከ ብዛዕባ ማሕበራዊ ህይወትካ ኣዕልለና፤**

**ኣብ ሚኒሶታ ዝበሃል ስተይት ናይ ኣመሪካ እያ ዝቐመጥ ዘለኹ። ብዓል ሓዳርን ኣቦ ኣርባዕተ ቈልዑን ድማ እየ።**

**ሕቶ - ከም መጀመሪ ዕላልና፡ ኣበይ ኢኻ ተወሊድካ ዓቢኻ፤**

ኣብ ኣርባዕተ ኣስመራ እየ ተወሊደ ዓብዩ። ካብ ወለደይ ተስፋሂወት ገብረመሓርን ሳራ ተስፋሁነይን ዝፈረዩ ሰድራ ድማ ማማዊቔ ዓብዩ። 4 ብህይወት ኣለና። ሓንቲ ሓፍተይ ኣብ’ዚ ቀረባ ግዜ ሞይታ፡ ሓደ ኣብ ምምጻእ ናጽነት እቲ ሓደ ድማ ኣብ ምዕቃብ ልኡላውነት ሃገር ዝተሰውኡ



ክልተ ኣሕዋት እውን ኣለዉኒ። እቲ ኣተዓብብያይ ክልተ ገጽ ዝሓዘ እዩ። ሓወሲ ናይ ገጠርን ናይ ከተማን ዝሓዘ እዩ። ብቐንዱ ኣርባዕተ ኣስመራ እንተ ደኣ ርኢኻዮ፡ ህይወት ናይ ሕርሻን ከተማን ዘጣመረ እዩ። ኣነ ድማ ከም ዝኾነ ወዲ ኣርባዕተ ኣስመራ ህይወተይ ኣብ ዘማልኣን ኣብ’ዚ ዝተሓጽረን እዩ ነይሩ። ትምህርትን ሕርሻን ድማ ብሓንሳብ እናካወንኩዎ እኸይድ ነይረ።

**- እሞ ህይወት ናይ ማሕረስ ኣጥዒኻ ኢኻ ትፈልጦ፤**

ብልክዑ በቲ ኣብ ትምህርቲ በቲ ካልእ ድማ እግራእግሪ ማሕረስን ምጉሳይን ኢና’ኮ ዓቢና። ኣዝዩ ተዘኻሪ ጥዑምን ተናፋቕን ህይወት እዩ ነይሩ። ክሳብ ወዲ 12 ዓመትን ሓሙሽተ ወርሒን ኣብሊ ዝኸውን ኣዒንተይ ጥዑያት እየን ነይረን።

ሕቶ - እዚ ስንክልና ናይ ዓይንኻ ካበይ እዩ መጺኡካ፤

ከም’ዚ ኣብ ላዕሊ ዝበልኩኻ፡ ኣብ ኣርባዕተ ኣስመራ በቲ ሓደ ተማሂራይ ኩይነ እናተመሃርኩን በቲ ሓደ ከኣ ጥሪት እናጓሰኹን እንከለኹ ዘጋጠመ ሓደጋ እዩ። ብኩታጉ (ፈንጂ) እየ ብርሃን ኣዒንተይ ስኢነ፡ ጥሪት ሒዘ በርኽ ምስ ወፈርኩ፡ ብዕራይ ኑቲ ፈንጂ ስለዝረገጾ ዘጋጠመ




ወዝቢ እዩ።

**- ብድሕሪ’ዚ ህይወትካ ከመይ ቀጺሉ፡ እቲ ናይ ትምህርቲ ጉዳይከ እንታይ ኮነ፤**

ብድሕሪ’ዚ ናብ ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስዉራን ኣብርሃ ባህታ ኣቐኒዐ። ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ትምህርተይ ክሳብ 6ይ ድማ ኣብኡ ተመሂረ። ብምቕጻል ናብ’ቲ ኣዒንተይ ጥዑያት እንከለዋ ዝተመሃርኩሉ ቤት ትምህርቲ ኣርባዕተ ኣስመራ ተመሊሰ 7ይን 8ይን ተማሂረ። 9ይ ክፍሊ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣስመራ ሓፈሻዊ ተማሂረ። ካብ 10ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኢሳቕ ተወልደመድህን ኣጠናቒቐ።

**- እዚ ናይ መዚቃ ህይወትካ ደኣ ካበይን ብኸመይን እዩ ዝጀምር፤**

3ይ ክፍሊ እናተመሃርኩ ወዲ 14 ዓመት ኣብ ዝበርኩሉ እየ ክራር ጀሚረ። 8ይ ክፍሊ ምስ በጻሕኩ ከኣ መዚቃ ጀሚረ። ብድሕሪ’ዚ ካብ 1979 ክሳብ 1983 ኣብሉ ካሴት ከየውጻኹ ኣብኡ እንከለኹ ብኽራር እደርፍ ነይረ። ምሽ ኣሎካ ኣብኡ እንከለኹ ንደቂ ገዛውተይ የጻውት ነይረ። ብድሕሪ’ዚ ኣብ 1983 8ይ ክፍሊ እንከለኹ፡ “ሃገረይ ናፊቐያ” እትብል ካሴት ኣውጺአ። በዘ ኣልበም እዚኣ ድማ ምስ ህዝቢ ክላለ ክኢለ። ክሳብ ትምህርቲ ዝውድእ ድማ ጎኒ ንጎኒ ምስ ትምህርትን መዚቃን እናሳፈኸኩ የኺዶ ነይረ። ድሕሪ ትምህርቲ ምዝዛመይ ግን ምሉእ ብምሉእ ናብ መዚቃ ኣትየ፡ ክሳብ ሕጂ ድማ ኣብ’ቲ ዓለሙ ኣለና ንብለኑ።

**- ኑቲ ናይ ገለ’ትን ትምህርትን መዚቃን ንእሰትን ግዜኻሞ ከመይ ትዝክሮ፤**

ናይ ግዜ ቁልዕነትን ንእሰነትን እቲ ዝመቀረ ግዜ እዩ። ዝያዳ ኑቲ ኣዒንተይ ጥዑያት ዝነበራሉ ግዜ እናናፍቖን እዝክሮ።

ሕቶ - ታረቐ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንበል በዓል ናጽነትና ኢና ነዕልል ዘለና’ሞ፡ እታ “ናይ ናጽነት መርከብ” እትብል ደርፍኻ ኣበይን መዓስን ኢኻ ደሪፍካያ፤

ናይ ናጽነት መርከብ፡ ኣብ ወርሒ ግንቦት 1991 ናጽነት ምስ መጽኣት ዳርጋ ሸውዓተ ኣብ’ቲ ቅንያት ሃዋህው ናጽነት ዝወጽኣት ደርፊ እያ። እቲ ሸውዓተ ዝፈረ ዝበረ ደርፍታት ትም ኢልካ ግጥምን ዜማን መጺኡልካ ኣይኮነትን ተወጺኡ። ናቱ መስርሕ ነይሩዎ እዩ። ብዝኾኑ እዛ ደርፊ እዚኣ ድሕሪ ወርሒ ክልተ ወርሒ ኣቢላ ዝወጽኣት ደርፊ እያ። ይዝከረኒ ሸውዓተ “ናይ ናጽነት መርከብ” ጥራሕ ኣይኮነትን ወጺኣ፡ ካሴት ምሉእ ደርፍታት እዩ ተሓቲሙ ወጺኡ። ከም’ዚ ናይ ሕጂ ንጽል ዝበሃል ደርፊ ኣይነበረን። ኣብ’ታ ካሴት ዝበረ ደርፍታት “ክተት” ዝብል ነይሩ፡ “ንናጽነት ዓይንኻ ኣይትተዓመት”፡ “መጺኻሊዶ ጅግና መርሓብ” ዝብል ነይሩ፡ “እቲ ጽላል ዳዕሮ፡ ደቂኺ መጺኦም ካብ በረኻ ስንፎቸሮ”፡ “ሰለል ኣብልየም”፡ “ወይና”፡ “ናይ ናጽነት መርከብ”፡ “በጺሓ ኣብ ምዕራፋ’ ንዓይን ንዓኽን ክትኣብር ሓቐፋ፡ ተሪፉ ኣይተርፍን ኣይቆርጽን ተስፋ፡ ፍቕረይ ናትካስ እምበር ኣለዎ ሓለፋ” .... ዝብል ኩሉ ምስ ናጽነት ዝተተሓሓዘ ስራሕ እዩ ነይሩ ኣብ’ቲ ካሴት ዘሎ ደርፍታት። ካብ ትሽዓተ እተን ሸውዓተ ናይ ናጽነትን ናይ ሃገርን ደርፍታት እየን። ምኽንያቱ እቲ መድረኽን ግዜያትን ሸውዓተ ከም’ኡ እዩ ነይሩ። ካልእ ደርፊ ክትደርፍ እንተብልካ’ውን ኣብቲ ሸው እዋን ኣይመጽኣካን እዩ።

**- ሸው ብልክዕ ኣበይ ኢኻ ነይርካ፡ ግጥምን ዜማን ናይ’ዛ ደርፊኸ መን እዩ ዓዲዩልካ፤**

ናጽነት ክትመጽእ እንከላ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እየ ነይረ። ኣብኡ ኩይነ እየ ነዛ ደርፊ ኣውጺአያ። ግጥምን ዜማን ድማ ባዕለይ እየ ሰሪሐያ።

**- እስከ ድምጻዊ ታረቐ ንድሕሪት ክመልሰካ፡ ኣብ’ቲ ሸው እዋን ናጽነት ምስ መጽኣት ከመይ ተሰሚዑካ፤ ናጽነት ኩይኑ ሰርዓት ደርግ ምስ ተሰዓረ ከመይ ነይሩ እቲ ሃዋህው - ጦብላሕታኻ እስከ ግለጸልና፤**

ኣብ’ታ ሸዓ ሃዋህው ኣዲስ ኣበባ ነይርና፡ ዜና ዝበሃል ኣይነበረን፡ “ኣስመራ ተታሒዛ” ዝብል ወረ ኣይነበረን ሸዑ፡ ቅድሚኡ ዝበረ ዓመታት እዚ ናይ በዓል ፈንቅል በሎ፡ ግን፡ ደቀምሓረ ዝበረ ውግእ ቀለል ውግእ ከም ዘይነበረ ትፈልጥ ኢኻ። ሕጂ እዚ ኹሉ ተፈንጢሱ “ተጋደልቲ ኣስመራ ኣትዮም” ክበሃል እንከሎ፡ ሓቂ ይሓይሽ ኣብ’ታ ግዜ እቲኣ ተሓጒሰ ክበልካ ኣይክእልን እዩ። ኣይሓጎስ ኣይጓሂ ሰንበደ እዩ። ምኽንያቱ “ተጋደልቲ ኣስመራ ሒዞማ” ክበሃል እንከሎ፡ “በየኑ ከመይ ገይሮም፡ ብኸመይ ኣትዮም” ዝብል ሕቶ’ዩ ኣብ ርእሰኻ ዝመጽኣልካ። ሓጎስና ድሕሪ ክልተ ሰለስተ መዓልቲ እዩ ነይሩ።

**- ስለምንታይ ከበድ ፍርሒን ሰንባድን ደኣ፤**

ንዓና ኣዝዩ ተኣምር’ዩ ነይሩ። ኣዝዩ እዩ ኣፍሪሑና። እቲ ምንታይ ኣስመራ ልዕሊ ማእቲ ሽሕ ዝኸውን ጦር ሰራዊት ዝኸበባ ቦታ፡ እሞ እዚ ኩሉ ኣብ’ዛ ከተማ ዝነበር ዘሎ ህዝብናኸ “እንታይ ኮን ኩይኑ ይኸውን” ዝብል ሕቶታት እዩ ዝመጽኣና ዘፍርሓና ዝበረ። እሞ ከኣ ብወግዒ “ናጽነት ኩይና” ዝብል ኣብ’ታ መዓልቲ ብረድዮ ኣይሰማዕናን። ኣብ ርእስና ዝበረ “ኣንታ ከመይ ኩይና ትኸውን እታ ከተማ እቲ ህዝቢኸ እንታይ ኩይኑ ይኸውን” ዝብል ሻቕሎት ጥራሕ እዩ ነይሩ። ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ግን “ተጋደልቲ ንኣስመራ ብዘይ ውግእ እዮም ሒዞማ፡ እዚ ኩሉ ሸሾ ሰራዊት ርእሱ ኣድኒኑ ጽርግ ኢሉ እዩ ወጺኡ” ዝብል ብስራት ምስ ሰማዕና ግን በቃ ከም ብተይ ዝሰል ዓንደር ኩይኑ ንብለኹ። ናጽነት ጋህዲ ከም ዝኾነ ሸው ብወግዒ ፈሊጥና። እምበር ኣብ’ቲ ፈለማ ከም’ዚ ዝበልኩኻ ኣብኡ እንከሎ ብወረ “ተጋደልቲ ኣስመራ ኣትዮም” ምስ ሰማዕና ኣይተሓጎስናን። እቲ ምንታይ፡ “እቲ ህዝቢ እንታይ ኩይኑ ይኸውን” ዝብል እዩ ነይሩ ኣብ’ቲ ሓንጎልና። ክሕዞዋ እንተኾይኖም ብኸቢድ ውግእን ማስዋእትን እዮም ክሕዞዋ። ብሓቂ ከኣ እቲ ዕንወትን ክሳራን ትሕተ ቑጽሪ ከተማናን ህዝብናን ብሓፈሻ ከኣ ንኣስመራ ብዓይኒ ሕልናና ቀሪጽናዮም። ምኽንያቱ ዓንጹ-ዓንጹ ከም’ዚ ኣብ ፈንቅል ናይ ቀበጸ ተስፋ ንሰላማዊ ህዝቢ ዝበሩዎ ከይፍጽሙ ኢና ፈሪሕና ዝበርና። ስለዝኾነ እዩ ሕውስውስ ኢሉና። ኣሕዋትና’ኮ ስፖርት ኣይኮኑን ስዒሮም መጺኦም፡ ንውግእ እዮም ስዒሮም። እዚ’ዩ ድማ ዘሻቕለና ዘፍርሓና ዝበረ፡ ኩሉ መዳያዊ ሰብኣዊ ክሳራታት። ጽቡቕ ዜና ኢልና ዝተቐበልናዮን ዝተሓጎስናሉን ብጭብጢ ምስ ሰማዕናዮ ጥራይ እዩ። ሸው ግን ሓቂ ይሓይሽ ብሓጎስ ከበዐ። ሸው ህዝቢ ኣምሓራ ርዒዱ ነይሩ። ህዝብና ከኣ ሓጎሱ ምቕጽጻር ስኢኑዎ፡ ኣብ ፈቐዶ እንዳ ባር ከይተረፈ እዩ ዝበልልን ዝጸንበልን ነይሩ። ንህዝብናን ተጋደልትናን እውን ምስቲ ወፅዪ ናይ ሓጎስ ሃዋህው ኣጸዊትናዮም ኢና።

**ይቕጽል**



ህዝብን ተጋዳላይን፡ ኣብ መዓልቲ ናጽነት ጽምኢ ሓርነቱ እናጸንበለ



ኣብ መዓልቲ ናጽነት፡ ህዝቢ ኣብ ጉደናታት ኣስመራ እናዓለለ



# ጽንዓትና ዋሕስና!











ዲዛይን -& ስእሊ-ታእዛዝ ኣብርሃ

ሳሚኤል የውሃንስ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

中国五矿 恩菲铜锌矿山工程有限公司
ENFI-MCCT Mining Engineering P.L.C

## Vacancy Announcement

ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC (Pre-stripping Team) is inviting qualified and competitive applicants for the following positions:

**1: Cook:**

- Number Required – Two (02)
- Place of work: Emba Derho
- Type of contract: Definite period of one year
- Salary: As per the company's salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES:**

- Maintain food safety and sanitation standards for the kitchen.
- Preparing high-quality meals and food items according to the company's recipes.
- Schedule, manage, and train kitchen assistants.
- Responsible for purchasing the necessary food and ingredients as well as the other necessary utensils and equipment.
- Monitoring supplies and re-ordering stocks as needed.
- Accommodate guests' special requests.
- Ensuring that food health and safety regulations are followed. Keep a sanitized and orderly environment in the kitchen.

**Qualification Requirement:**

**Education:**

- No educational requirements
- With the cook certificate or pastry chef certificate or above is preferred

**Work Experience:**

- 5 years and above experiences in cooking

**Other skills and abilities:**

- Ability to work in culturally diverse working environments. Ability to cook both Western and Asian cuisines.
- Sound knowledge of cooking methods and techniques.
- Good team work, team management and communication skills.

**Language:**

Language fluency in English is required.

**2: HME Operation Trainer (Excavator):**

- Number Required – Four (04)
- Place of work: Emba Derho
- Type of contract: Definite period of one year
- Salary: As per the company's salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES:**

- Conduct operational training for all excavator operators on both basic and advanced operation techniques of XCMG XE2000 backhoe excavators.
- Monitor other operator`s work to ensure safe and efficient operation on site.
- Give guidance to excavator operators on site if necessary to improve their standard operation and safety operation awareness.
- Operate XE2000 and XE490DK backhoe excavators on site for special occasions such as on narrow, bumpy, slippery, wet, rocky and precipitous landform.
- Complete difficult operational task such as slope trimming safely, climb up and down the loading platform safely, etc.
- Complete other tasks assigned by the superior construction management team.

**Qualification Requirement:**

**Education:**

- No educational requirements
- Proficient at English speaking.
- Excavator Operational Certificate is preferred

**Work Experience:**

- Over 7 years experiences of excavator operation in enineering or mining project. Candidates with rich operation experience of XCMG XE2000 backhoe excavators shall be preferentially considered.

**Other skills and abilities:**

- Understand the basic excavator maintenance, cleaning, maintenance knowledge.
- Rich experience of mining site work.
- Ability to work well with people from different country with different culture.
- Good team work, team management and communication skills.

**Language:**

Language fluency in English is required

**3: Deputy Finance Manager:**

- Number Required – Two (02)
- Place of work: Emba Derho
- Type of contract: Definite period of one year
- Salary: As per the company's salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Perform financial management duties including generating financial data, compiling, and submitting reports, producing financial reports related to budgets, account payables, account receivables, expenses etc.
- Prepare finance report and supportive financial data to assist auditing from both local authorities and parent company.
- Creating and reviewing policies, budgeting of both local authorities and parent company and conducting regular assessments of financial procedures.
- Supervise the preparation of quarterly and annual account reconciliations, monitor, and enforce compliance with tax and financial reporting standards of both local authorities and parent company.

Continued on page 8

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረእምላኽ-ሰምራዊት መለስ

*Continued from page 7*

- Supervise the preparation of quarterly and annual account reconciliations, monitor, and enforce compliance with tax and financial reporting standards of both local authorities and parent company.
- Create strategic production plans based on the analysis of the company's status and financial forecasts. Developing strategies that work to minimize financial risk.

**Qualification Requirement**

**Education:**

- Bachelor degree or above in Financial management, Accounting, Auditing

**Work Experience:**

- 10 years and above experience in financial management.

**Other skills and abilities:**

- Excellent English language skills.
- Good at using finance software and cost control software such as Glodon Construction Cost software, Kingdee Financial Software and UFIDA Finance software.
- Ability to work in culturally diverse working environments.
- Ability to work well with people.
- Commercial and business awareness and with an analytical mind.
- Team management skills.
- Problem solving skills, Teamwork, and collaboration skills.

**Language:**

- Language fluency in English is required.

**4□Translator:**

- Number Required – Two(02)
- Place of work: Emba Derho
- Type of contract: Definite period of one year
- Salary: As per the company's salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Coordinate and facilitate regular communication between EXPAT team members and Local team members, partners, and other related stakeholders.
- Translate technical, business, material, logistical and other project-related documents between Chinese language and English language.
- Facilitate and interpret at face to face meetings between EXPAT team members and local team members.
- keep a record of minutes of meetings at regular weekly meetings, monthly meetings, HSE training, and other important meetings when necessary.
- Responsible for other related works arranged by his/her supervisor.

**Qualification Requirement**

**Education:**

- Bachelor degree in English, English translation is a must
- Master degree in related major is preferred

**Work Experience:**

- At least 5 years of working experience in English and Chinese translation and Interpretation.
- Interpretation and translation experience of technical, business, logistical and HSE related documents in international mining projects is preferred.
- Candidates with TEM-8 or CATT II certificate is preferred.

**Other skills and abilities:**

- Excellent language skills in both translation and interpretation.
- Proficient in working related computer skills, such as Microsoft Office / Excel /PPT /Photoshop.
- Proficient writing skills for official letters, minutes of meeting and other necessary documents.

**Language:**

- Language proficiency in English is required.

**5□Auotomative Inspection and Maintenance Trainer:**

- Number Required – One (01)
- Place of work: Emba Derho
- Type of contract: Definite period of one year
- Salary: As per the company's salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Responsible for training the project team in the inspection and maintenance of mining truck electrical systems
- Responsible for training and hands-on instruction on the hydraulic systems of excavators, loaders, bulldozers, and graders
- Responsible for providing training on vehicle repair, including engines, transmissions, and chassis
- Responsible for the daily management and development of local mechanics

**Qualification Requirement**

**Education:**

- College degree or above
- Major in Automative Inspection and maintenance technology and other related majors
- Rich experience of machinery Inspection and maintenance

**Work Experience:**

- Over 10 years of machinery Inspection and maintenance or related work
- Relevant certificate is preferred

**Other skills and abilities:**

- Excellent language skills
- Proficient in operating the OFFEICE office software, familiar with GDS/GDS2 or AutoCom software,
- Familiar with the technical problems of heavy machinery equipment.
- Good team work, team management and communication skills.

**Language:**

- Language fluency in English is required.

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defence.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the publication of this vacancy in the newspaper
  - **Address: Please mail your application to following two address**

**1. ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC.**

**P.O.Box 6547 Asmara, Eritrea**

**2. Mineral Resources Management**


**P.O. Box-272, Asmara**

**Note to Non-Eritrean applicants: Please send a copy of your application to**

**Aliens Employment Permit Affairs**

**P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ጦብላሕታይ፡ ኣብ መጻሕፍቲ ታሪኽ ኤርትራ




<u>ሰረበ እስቲፋኖስ</u>

ኣብ 2025፡ ኣሕተምቲ ሕድሪ ንህቡብ ጸሓፊ ኣቶ ተከአ ተስፋይ 'ስልማት ኣበርክቶ መላእ ዕምሪ' ኣበርኪቱሉ። ምስ ምእታው ሓድሽ ዓመት 2026 ከኣ፡ ኣብ ስነ ጽሑፍ ኤርትራ ዕዙዝ ኣበርክቶ ንዘበረ ጸሓፍን ተመራማርን ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ተመሳሳሊ ኣፍልጦ ሂቡዎ። ኣሕተምቲ ሕድሪ ናይ ኣፍልጦ ስልማት በዞም ክልተ ዓበይቲ ጸሓፍቲ ምፍላሙ፡ ዝጸዓረ ፍረኡ ከም ዝረኽብ ዝገልጽ ረዚን መልእኽቲ ዘመሓላለፈ ይመስለኒ። እዞም ክልተኦም ተስፋይ ዝስዮም ኣቦታትና፡ 80ታት ዝዕድመኦም፡ ህይወት ቁልዑን ዛንታታት ቁልዑን ነዊሒ ዘጽሕፍዎ፡ ውቃብ ስነ ጽሑፍ፡ ካብ ምጽሓፍ ዘዕርፍ ጥሮታ ዝብሃል ነገር ኣይትጸበዩ ኢሉ ኣእዳዎምን ብርዕን ክፈላለዩ ዘይፈቐደሎም ኣይሕለሉ ጸሓፍቲ እዮም። እምበኣር ኣሕተምቲ ሕድሪ ዝከኣል እንተኾይኑ፡ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ እውን ኑቶም ብህይወት ዘለዉን ዝሓለፉን (ንኣብነት ሓርበኛ ኣቦና ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም)፡ ኣብ ስነ ጽሑፍ ኤርትራ ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝገበሩ ዜጋታት ዘኪሩ፡ ኣፍልጦ እንተዝህቦም ጽቡቕ ነይሩ።

ንለሚ ክጽሕፍ ዝደረኸኒ ብዛዕባ እዞም ክልተ ተሰለምቲ ኣበርክቶ መላእ ዕምሪ ኣይኮነን። ብዛዕባ'ተን ኣቶ ኣለምሰገድ ኣቐድም ኣቢሉ ብቛንቋ ትግርኛ ዝጸሓፈልና ሰለስተ መጻሕፍቲ (ኣይንፈላለ 1941-1950፣ ፌደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ፡ ካብ ማቲየንሶ ክሳብ ተድላ 1951-1955፣ ኤርትራ ካብ ፌደረሽን ናብ ገብጣን ሰውራን 1956-1962) እዩ።

እተን ሰለስተ ብትግርኛ ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ታሪኽ፡ ብዛዕባ ታሪኽ ኤርትራ ዘለዊ ግዙዝ ብሓፈሻ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ታሪኽ ኤርትራን ህዝባን ዕዙዝ ቦታ ዝሓዘ ዓመታት 1941-1962 ዝዘበረ፡ ፍልጡት ከኣ ብፍላይ ከዐምቖን ታሪኽ ጠቀስ ጽሑፋት ንኽጽሕፍን ዝደረኸኒ እየን። ኣብዚ ሓጺር ጽሑፍ፡ ኣብ ውሽጢ ትሕዝቶአን ኣተየ ክትንትን ርትዓውን ኣደማዕን ኣይኮነን። ኖናይ ሽኻሽን ከዘትረሉ ከም ዘለዊ ምስ ሓሰበኩሉ፡ ኣብቲ ናይ መቐድም ክፋለን ዘለዉ መሃርትን ኣማእዘንትን ዝኾኑ ሃብታማት ሓሳባት፡ ኣገደስቲ ኮይኖም ረኺበዮም። ዝኾም ረዘንቲ ሓሳባት ምስ ነብሶ ጥራሕ ናብ ውሽጠን ኣቲኻ ክትጉርጉረን ህንጥዩትካ ከም ዝዓቢ ድማ ርእየ። ስለዚ ንዘብዑቲ የገድሱ'ዮም ዝበልኩዎም ሐደት ነጥብታት እናጠቐስኩ ክቐጽል'የ። ዝርዝራዊ ሓበሬታ ንምርካብ ግን ንሰለስተኣን መጻሕፍቲ ዝኸውን ሽውሃት፡ ትዕግስትን ግዜን ሓዚእካ ምቕማጥ ዝጠልብ እዩ።

ኣቶ ኣለምሰገድ፡ ንሓፈሻዊ ትሕዝቶ 'ኣይንፈላለ' ብሕጽር ዝበለ መንገዲ ክገልጾ ከሎ፡ ኑቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘቶየዶ ቃልሲ ንሓርነትን ናጽነትን ብሓደ ወገን፡ ኑቲ ባዕዶ ሕቡራት ሃገራት ዘበገደዶ ውሳኔ ፌደረሽን ብኻልእ ወገን ዘጣመረ'ዩ ይብሎ። "ካብቲ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ብወጽኢተኛታት ወይ ወጽኢተኛታት ኣብ ዝብሉዎ ብዝተመርኩሰ መጻናዕቲ እዩ ክጸሓፈልና ጀሚሩ። ለሚ ኢና ኑቲ ወጽኢተኛታት ዝጸሓፉዎን ዝሰኣዎን ምስቲ ኤርትራውያን ዝበሉዎን ዝፈጸሙዎን ኣነጻጺርና ናብ ሓቀኛ ታሪኽ ገጽና ክንክይድ ንህቅን ዘለና፡" ድማ ይወስኽ (ኣይንፈላለ፡ ገጽ ii)። ኸዚ ንምግባር ግን ኣቐድም ኣቢሉ ሕጽረት መወከሲታት ከም ዝበረ ብምግላጽ፡ ኣብኡቲ ኑቲ ኣብታ መጽሓፍ ዘሎ ትሕዝቶ ከም ማጠቃለ ናብ ዝዓመቈ ምርምር ታሪኽ ዝወስድ ሰድ እምበር ከም ንሕቶን ኾቐፊታን ዘይዕድም ብሽሉምሉ ፍጹም ዝኾነ ስራሕ ክጥመቱዎ ከም ዘይግባእ የዘኻኽር።

ታሪኽ ግዙኣት ሃገራትን ህዙቦታተንን ሓደው ብገዞእተን ሓደው በቶም ዕድል ምጽሓፍ ዝበሮምን ተደናገጹቲ ናይተን ግዞአቲ ዝበሩ ወይ ምንዮጭታት ናይተን ግዞአቲ ዝተወከሱን ወጽኢተኛታት ክጸሓፍ ከም ዝጸንሐ ምዝኑብ እዩ። ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ እዚ ዕጫ'ዚ እዩ ገጢሙዎ። ስለዚ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ንዓመታት ከም ቅቡል ወይ ወሁብ ተወሲዱ ክዘንተወሉ ዝጸንሐ 'ታሪኽ' ምስቲ ሃገራውያን ዝወዓሉዎን ዝተረኽቡዎን ኣነጻጺርካ ሚዛናዊ ትረኻ ክትጸዊ ምጽዓር፡ ማዕረ ክንደይ ኣድካሚ ምንባሩ ግሁድ እዩ። ኸዚ ሓቒ'ዚ ንምግንዛብ ድማ'ዩ ኣቶ ኣለምሰገድ፡ ኣብኡቲ ን'ኣይንፈላለ' ከም መሰጋገሪት ድንድል ናብ ዝዓመቈ ታሪኻዊ ምርምር እትወስድ መጽሓፍ ክርእዩዋ ዘጸረ።

ኣሰዒቡ ጸሓፊ ኣብ 1940ታት፡ ህዝቢ ኤርትራ ተመቓቒሉ ንምሉእ ናጽነት፡ ንሕብረት ምስ ኢትዮጵያ፡ ንምቕሊ ኤርትራ ናብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ከምኡ ድማ ንምምላስ ኢጣልያ ደገፉ ከም ዝተቓለሰ የዘኻኽርን ኩሉ ድማ ታሪኽናን ቅርስናን ምዃኑ የስምረሉ። "እቲ ናይ ናጽነት ቃልሲ ስለ ዝተዓወተ'ሞ ንኡ ድማ ንመጻኢ ትውልዲ ከውርስ ስለ ዝደለና ጥራይ፡ ኑቲ ዘይተዓወተ መዳይ ታሪኽና ክንድምስስ ጌጋ እዩ፡ ዝከኣል'ውን ኣይኮነን። ምንጪ መንነት ሓደ ህዝቢ ታሪኹ እዩ። ታሪኽ ድማ እኩብ ናይ ዝተፈላለየ ተመኩሮታት ስለ ዝኾነ፡ ኣንፈታቱን ትሕዝቶኡን ዝተሓላለኸ እዩ። ዳህሰስካን ተመራማርካን ክትርድኦ ዘይትኽእል ብዙሕ ደብዛዝ ኩርንዓት እውን ኣለዎ፡" ድማ ይብል (ኣይንፈላለ፡ ገጽ iii)። ጸጸቡቕን ጠጥዑምን ተብሂሊ እኳ እንተኾነ፡ ህላውነት ጸቡቕን ጥዑምን ዝስተማቐር ግን ብመንጽር ሕማቕን ዕረን ምስ ዝርአ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ኑቲ ተብሂሊ ክጉልሕ ዝበረ ዘይተብሂሊ ፍጻመ ክለዓል ግድን ይኸውን።

ጸሓፊ ኸዚ ሓሳብ'ዚ ከራጉድ ከሎ ከምዚ ዝስዕብ ይቕጽል፡ "ታሪኽ እምበኣር ጽቡቕን ሕማቕን ተባዚሉ ብንጹር ሕንጻጻት ክፍለ ዝከኣል ኣይኮነን። ወይ ድማ፡ ኑቲ ጸጸቡቑ ዓቂቦካ ኑቲ ዝተረፈ ክትሓብኣሉ እትኽእል ዓውዲ ኣይኮነን። ድምር ናይ ኩሉ ነገራት ስለ ዝኾነ ሓደ ናይ ታሪኽ ተመራማሪ ኑቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝቐረበ ጭብጦታት፡ ወገን ከይፈለየን ብስምዒት ጥራይ ከይተመርሐን ከም ኣመጻጽኣኡ ክርእዮ ግቡእ እዩ። እዚ ናትና ወለዶ ናጽነት ስለ ዘምጽአ ኑቲ ዝሓለፈ ወለዶታት ክኹንን ወይ ክፈርድ እንተኾይኑ፡ በደል ክፍጽም እዩ" (ኣይንፈላለ፡ ገጽ iii)። የግዳስ ኣቶ ኣለምሰገድ፡ ንውልቃዊ ወይ ጉጅለኣዊ ረብሓ ብምቕዳም ታሪኻዊ በደል ዝፈጸሙ ሰባት ግን ካብ ተሓታትነት ናጻ ይኾኑ ማለት ከም ዘይኮነ የዘኻኽር'ሞ ኣብ መንጎ እቲ ሰሪ ዘይምፍላጥን እቲ ኮነ ኢሉ ዝበድልን ምመያ ክግበር ከም ዘለዎ የስምረሉ። ኑቲ ኣብ 1940ታት ዝተራእየ ታሪኻዊ ጌጋ ብዓይኒ ንሕፈትን ምርዳእን ክግምገም እንተ ተፈቲኑ፡ እቲ ዘኻኒ ጌጋ፡ ዘመናዊ ፖለቲካ ኤርትራ ሽዑ ስለ ዝፈለመን ሕጽረት ተመኩሮ ብምንባሩን ከም ዝሰዓበ ክውሰድ ከም ዘለኣል ብምሕባር ኸዚ ዝስዕብ መዘኻኸሪ የቕርብ፡ "ካብኡ ዝቐጸለን ሕጂ'ውን ዝቕጽል ዘሎን ወለዶታት፡ ኸዚ ናይ ምርዳእ፡ ምድንጋጽ ወይ ናይ ምንሓፍ ሓለፋ'ዚ ክረኽብ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ድማ፡ ነፍሲ ወከፍ ወለዶ ካብ ተመኩሮ ናይ ዝሓለፉ ናይ ምምሃር ሓላፍነት ስለ ዘለዎ እዩ" (ኣይንፈላለ፡ iv)። ሓያል ትዕዝብቲ'ዩ። ታሪኽ ዝጽሓፍን ዝንገርን ህሉው ወለዶ፡ ጌጋታት ዝሓለፉ ወለዶታት ንኸይደግሞ፡ ኑቲ ጸጸቡቑ ዓቂቡ ድማ፡ ንመጻኢ ብቡዑህ ተስፋ ክማዕዱ ስለ ዝኾነ፡ ኑቲ ዝሓለፉ ወለዶታት ዝገበሩዎ ጌጋ ክደግም ፍጹም ጌጋ ስለ ዝኾነ፡ ብዓይኒ ንሕፈት ክርአ ረብሓ ኣይርከቦን።

ጸሓፊ፡ ታሪኽ መማህርን መስትያትን ምዃኑን ሓደ ህዝቢ ንጸቡቕን ሕማቕን ጉድኑ ከለሊ ዝኽእል ንታሪኹ ክውክስ ከሎ ከም ዝኾነን የዘኻኽረና'ሞ ህሉው ወለዶ ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ንኽመሃር ንታሪኹ ምውካስ ከም ዘድልዩ ሓሳቡ የካፍል። ከምኡ ብምግባር ድማ ህላውነቱን ቀጻልነቱን ክውሕስ ከም ዝኽእል ይገልጽ።

ኣሰዒቡ ኣቶ ኣለምሰገድ፡ መግዘእታዊ ታሪኽ ኤርትራ ብፍሉይነቱ ንኤርትራውያን ልዕሊ ማንም ዚያዳ ከም ዘገድሶም ይምጉት። ምኽንያቱ እቲ ዝተኻየደ ቃልሲ ንናጽነት ብቐንዱ ቃልሲ ታሪኽ ስለ ዝበረ። እቲ ብኢትዮጵያ ዝተገብረ ጎበጣ ከም ዝኾነ ኣወሮጳዊ መግዛእቲ ዘይከነ ኣተዩ ንታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ዝደልዩ መገዲ ብምትርጓም፡ መንነት ናይ ምቕያር ዕላማ ሒዙ ዝመጸ ከም ዝበረ ይገልጽ። ከምኡ ስለ ዝኾነ፡ "ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ወዲ ሰብ ካብ ዝተራእየ ምጉትን ከናትን ብዛዕባ ታሪኽን መንነትን ሓደ ህዝቢ፡ ምናልባት እቲ ኤርትራውያን ኣንጻር ኢትዮጵያ ዘየደዱዎ ብቐዳምነት ከይተሰርዐ ኣይተርፍን" ይብል (ኣይንፈላለ፡ v)። እቲ ኢትዮጵያዊ ትረኻ ብሓያላት ሃገራት ከም ዘሎዎ ስለ ዝተወሰደ፡ ቃልሲ ኤርትራውያን ንኽተሓላለኽን ክንጸልን ክናዋሕን ከም ዝደረኾን ኤርትራውያን ድማ ዝ. ዛንታና ንህዝቢ ዓለም ኣብ ምፍላጥ ስለ ዘይተጋህሩ፡ እቲ ሰቓይ ክናዋሕ እጃሙ ከም ዘበርከተ ይገልጽ። "ንግዙእ ታሪኽካ ብቓል ይኹን ብጽሑፍ ባዕልኻ ምስ ዘይተፍልጦ፡ ኻና ከፍልጠልካ ከም ዘይኽእል ህዝቢ ኤርትራ ብሕሱም ተመኩሮ ተማሂሩ እዩ" ድማ ይብል (ኣይንፈላለ፡ vi)።

እቲ ናይ 1940ታት ታሪኽና ኣብ ምንጻር ሃገራዊ መንነትና ዓቢ ግደ ከም ዝበሮ፡ እቲ መራሕቲ ፖለቲካ ናይቲ እዋን'ቲ ኣብ ጉዳይ መንነትን ምውሓስ ናጽነትን ዝበሮም ርድኢት ብምፍላላዩ፡ ጉዕዞ ናጽነት ከም ዝተጓተተ ይገልጽ'ሞ፡ ብኡ ገይሩ ንጸለማኡ ንኸይቀህም ዝሓዘ ሓቒ እንታይ ምንባሩ ክገልጽ ከሎ፡ "ካብ ጥንቲ ዝሓጸ ሓበራውን ናይ ጽቡቕ ጉርብትናን ታሪኽን ባህልን ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ድልዱል ሰረት ረኺቡ ናህሪ ስለ ዝደለበ ግን፡ ካብኡ ንጃው መፅዚ፡ ብዘይተረኽቦ ድፍኢት ምቕጻሉን ኣብ ዓወት ምብጽሑን ንውሳንነት ናይ'ቲ ግዜ የረጋግጽ፡" ብማለት ትዕዝብቱ የካፍል (ኣይንፈላለ፡ vi)።


ኾዛ ዳሕረወይቲ ነጥቢ ድማ'ዩም ሓያሎ ጸሓፍቲ ኢትዮጵያዊት (Ethiopianist writers) ክግዝእቡዋ ዓቕብ እትኽእዋም። ከም ብዓል ኣንዳርጋቸው ጽጌ (2018)፡ ተኽሰተ ነጋሽ (1997)፡ ዘውዴ ረታ (2006)፡ ዳዊት ወልደጊዮርጊስን (1989) ካልኦትን ዝኣመሰሉ ጸሓፍቲ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሃገር ከቕውም ዘኽእሎ ሓበራዊ መንነት ከማዕብል ድሕሪ ባይታኡ ከም ዘይፈቕደሉን ብኢጣልያዊ መግዛእቲ ብሓደ ሌይቲ ተጠፍጢፉ ዝሓደረ እኩብ ህዝቢ ከምስሉዎን'ዮም ዝህቅኑ። ንኣብነት ኣንዳርጋቸው ጽጌ ኣብታ ኣብ 2018 ዝጸሓፋ 'ትውልድ ኣይደናገር፡ እኛም እንናገር' እትብል መጽሓፉ ከምዚ ዝስዕብ ብማለት ንኤርትራዊ ሓበራዊ ሃገራዊ መንነት ከስእሶ ይርኢ፡ "እቲ ኢጣልያውያን ኤርትራ ኢሎም ስም ኣብ ዝሃቡዎ ቦታ ዝነበር ህዝቢ ዝኾነ ይኹን ምምሕዳራዊ፡ ባህላዊ፡ ታሪኻውን ናይ ዘርኢ ምትእስሳርን የብሉን" (ገጽ 481)። ኑቲ ናይ ለሚ ኤርትራ ኽዘመናት ብዙርካውያን፡ ግብጻውያንን ኢጣልያውያንን ከም ዝተገዝአትን ዝተመሓደረትን ዝገልጽ ክዉን ታሪኽ ድማ ፈጠራዊ ክብል ይጽውዖ። እቲ መሰደመም ነገር፡ ኣቶ ኣንዳርጋቸው ጽጌ፡ ብዙሕነት ብሄራት ኤርትራ ከም ሓጥያት ቈጺሩ፡ ሓበራዊ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ንምቝም ዓንቃጺ ከም ዝኾነ ክምጉት ከም ዘይጸንሐ፡ ኣቦታ ኣቐዲሙ ብ1997 ዝጸሓፋ 'ነጻነትን የማያውቅ "ነጻ ኣውጪ" ስልጣኔ፣ ዴሞክራሲና ብልጽግና፤ የፖለቲካ ልሂቃኑ በዘመናዊት ኢትዮጵያ' ዝሰመያ መጽሓፉ፥ ህላወ ሕብረ ብዙሕነት ኣብ ኢትዮጵያ ግን ምንም ኣበሳ ከም ዘይብሉ እናመጎተ ዝርከብ ምዃኑ'ዩ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ክገልጽ ከሎ፡ ኢትዮጵያውያን ክኹርዕሉ ዝግብኦም ታሪኽ ከም ዝኾነ የዘኻኽር'ሞ እቲ ታሪኽ'ቲ ግን ህዙቦታት ኢትዮጵያ ብምሉኦም ብሓደነት፡ ብሓባርን ብቐጻልን ክሰርሑዎ ዝጸንሑ ታሪኽ ከም ዘይኮነ ክኸውን'ውን ዘኽእል ከም ዘይከበረን ይገልጽ። ኣብቲ ደባትን ግዝኣታትን ብቐለሉ ክቐየሩ ዝኽእሉሉ ዝበሩ መዋእል፡ ንኣሽሓት ዓመታት ከይተቐየረ ክቕጽል ዝኽእል ግዝኣትን ምትሕንፋጽ ህዙቦታትን ዝጸበ ሰብ እንተሎ፡ ኣብ ቅድሚ ታሪኽ ዝተጉተረ የዋህ ጥራሕ ክኸውን ከም ዝኽእል ከኣ ይገልጽ። ኣቶ ኣንዳርጋቸው፡ ኑቲ ዘይፍትሓዊ ኣረኣእያኡ ክቕጽለሉ ከሎ፡ ". . . ይኹን'ምበር ህዙቦታት ብቐዋምነትን ብቐጻልነትን ንብዙሕ ሽሕ ዓመታት ኣብ ዝሰይድ ሓባራዊ ናይ ግዝኣትን ምምሕዳራውን ጽላል ኣይነብሩን'ሞ፡ ንድሕሪት ገጹ ብሽሕ ዓመታት ዝቖጻር ናይ ሓባር ታሪኽ ክህሉዎም ኣይክእልን'ዩ ኣብ ዝብል መደምደምታ ምብጻሕ ከኣ ብኡ መጠን ዕሸነት'ዩ" ይብል (ገጽ 7)። እዚ፡ ዓይኑ ዘፍጠጠ ድርብ ዕዳራ እዩ። ንምንታይ'ዩ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ቅቡል ዝኾነ ታሪኻዊ ክዉንነት ኣብ ኤርትራን ህዝባን በጺሑ ቅቡል ዘይኮነ፡ እዚ ከምዚ ዓይነት መጠቢ ዝበረ ዘይፍትሓዊ ኣረኣእያን ግጉይ መጕተን እዩ'ምበር፡ ክሳዕ ለሚ ከየዕረፈ ኤርትራ ኩሉ ምላ ብመፈጠራ ኢትዮጵያዊት'ያ እናበለ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ዓለምን ኪግጊ ዝፍትን።

ናብ መጽሓፍ 'ኣይንፈላለ' እንተተመለስና፡ እቲ ብዘይ ፍትሓዊ ውሳነ ዝቘመን ኢትዮጵያ ከም ዓወት ዝወሰደቶን ውሳነ ፌደረሽን ንኤርትራውያን ሓድነቶም ንምዕቃብ ዚያዳ ክቃለሱን ኣብ መወዳእታ ድማ ናጽነት ክጭብጡን ዘኽኣለ ፍጻመ ኮይኑ ከም ዝተጋህደ ብምግላጽ እያ ትድምድም።

ይቕጽል . . .



# ዳየሪ





ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ዝኽሪ ቅነ ናጽነት

# ኣዋዘ ኣቦይ ኣብርሃ

መኽዘን ዝኽረይ ክዓቍርን ሕጂ ተመሊሰ ክብርብሮ ኣብ ዝኽእል ዕድመን እንክለኹ ዝርኣኹዎን ዝሰማዕኩዎ ዕላልን ክሳዕ ሕጂ ኣይርስዖን። ሓደ ካብቲ ዝኽርታት ከኣ ኵሉ ሳዕ ኣብ ገዛና እትለዓል ዛንታ 'ኣዋዘ ኣቦይ ኣብርሃ' እያ። ቅድሚ ዛንታ ኣቦይ ኣብርሃ ዑቕባዝጊ ምንጋረይ፡ ገዛውትና ከላልየኩም።

ካንሸሎና ቀርጺ 'ሀ' ዘሎዋ ካንሸሎ እያ። ብኽልተኡ ወገን ፊትንፊት ዝጠማመት ገዛውቲ ዘሎዋ፡ ሸሞንተ ስድራ ብፍቕሪ ዝነብረላ ዝነበረ ካንሸሎ እያ። ኣፍደገናን ኣፍደገ ሓደ ጕሮቤትናን ናይ ሜትሮን ፈረቓን ፍልልይ ኣሎወን። ኣብ ገዛውትና፡ ብርክት ዝበሉ ምስ ስርዓት ደርጊ ዝሰርሑ፡ ምልሻ ስርናይ፡ ስለያን ኢሰፓን ነበሩዎ። እቲ ጕሮቤትና ከኣ ሓደ ካብኦም'ዩ፣ ምልሻ ስርናይ። ግምጣል ካንሸሎና፡ ብዓል ማዕርግ ኣባል 'ቀኚ'፡ ብታሕቲ ኣባል 'ድህንነት'፡ ኣብ ኣንጎሎና ሓደ 'ኢሰፓ'፣ ኣብ ሓንቲ ኣንጎሎ ጥራይ ኣርባዕተ ሓሙሽተ፡ ልብኻ ኣውዲቕካ ዘይትቐርቦም ሰሩዓት ኢትዮጵያ ነበሩ። ከምኡ እናኾነ ግን ኣብ ገዛውትና ብዙሕ ነገር ይፍጸም ነበረ። ገዛና ናብ ካንሸሎን ናብ ጽርግያን ዘውጽእ ክልተ ማዕጾ ነበራ። ምስቲ ምልሻ ስርናይ ዘራኽበና ማዕጾ ከኣ እቲ ናብ ካንሸሎ ዘውጽእ ማዕጾ'ዩ።



መቸም ኣብ ጉንዲ እዝንኻ ሓደ ዕሱብ ኢትዮጵያ ኣቐሚጥካ ራድዮ ድምጺ ሓፋሽ ብስሩዕ ክትሰምዕ ኣጸጋሚ'ዩ፣ ኣብ ገዛና ግን ይስማዕ ነበረ። "ምስኪን'ዩ፡" ደኣ ይብሉዎ እዮም እምበር፡ ናብ ካንሸሎን ገዛናን ዝመላለስ ኣባል 'ድህንነት' እውን ነይሩ'ዩ። ሓደ መዓልቲ ስግር ገዛና ዝነበሩ ኣቦይ ፈራሕ ዝብሃሉ ብዓል ድኳን፡ "ተጠንቀቑ፡ ይጸናጸንኹም ኣለዉ፡" ኢሎም ክሳዕ ዝነግሩ፡ ኣቦይ ቍርሱን ጣዕሞቱን ድምጺ ሓፋሽ'ያ ዝነበረት። ኣቦይ ፈራሕ፡ ፊትና ስገር ጽርግያ ስለ ዝነበሩ ኵሉ ይከታተሉዎ እዮም። ዘበዝሐ ግዜ፡ እታ ናብ ካንሸሎ እተውጽእ ማዕጾ ትዕጾ፡ ሓደ ሰብ ከኣ ብደገ ኰይኑ ይሕሉ። ካብ ውሽጢ ገዛና ናብ ዝባን ዚንጎ ዝዘርጋሕ ገመድ ምስ ዘንጉ (ኣንተናኡ) ነይሩ፣ እቲ ኣንተና ከኣ ኣብ ልዕሊ ገዛ እቲ 'ምልሻ ስርናይ' ነበረ።

ኣቦይ ኣብርሃ ዑቕባዝጊ፡ ኣብ ኮምሽን ረድኤት ሰራሕተኛ'ዮም ዝነበሩ። ስርሖምን ገዛናን ክልተ ጫፋት ናይ ከተማ መንደፈራ እዩ። ሰራሕ ኣትዮም ናብ ገዛና ምምጻእ ዳርጋ ንቡር መዓልታዊ ንጥፈቶም ነበረ። ብኻንሸሎ ኣትዮም ናብ ገዛና ቅድሚ ምብጽሖም፡ ስም ኣደይ ይጽውዑ'ሞ፡ "እታ ኣዋዘይ በሊ ቀርብያ፡" እናበሉ ይመጽኡ። ኣደይ ከኣ ገዛ ዓጺያ፡ ራድዮ ትኸፍተሎም፣ ድምጺ ሓፋሽ። ሓደ ካባና ወይ ባዕላ ዋርድያ ምውጻእ ከኣ ግዲ ነበረ። እዝኖም ኣብ ራድዮ ኣጸጊዖም፡ ልሕግ ኢሎም'ዮም ዝሰምዑዋ ዝነበሩ። ኵላ እታ ዝሰምዑዋ፡ ከምታ ዘላታ፡ ንኣደይ ይደግሙላ። ኣቦይ እንተ'ሎ'ሞ ነዊሕ ዕላልን ትንተናን ይቕጽል። ድሕሪ ናጽነት፡ "ራድዮ'ባ ወልዕ፡" ምባል ገዲፍና፡ "ኣዋዘ ኣቦይ ኣብርሃ'ባ ክፈት፡" እናበልና ኢና ድምጺ ሓፋሽ ንውልዕ ዝነበርና።

ኣቦይ ኣብርሃ ኣዋዘኦም እና'ስተማቐሩ ከለዉ፡ ወዲ ትኹል፡ "ይካኣሎ" እናበለ እንተ መጺኡ፡ ኣኸለ። ካብታ ክልተ ኣእዳዎም ኣንቢሮም መንከሶም ዘዕረፉላ በትሮም፡ የማነይቲ ኢዶም መዝሒቖም ጸግ ብምባል 'ጣዕ' ዝብል ድምጺ ይፈጥሩ ነበሩ። ወዲ ትኹል እናደረፈ ወይ ምስ ወድኣ ዝደጋግሙዋ ዘረባ ነይራ፣ "ኣታ ንኣኻስ ኣደኻ ትርእየካዶ ትኽውን!" ይብሉ ነበሩ። ኵሉ ግዜ ግደ ስነ ጥበብ ኣብ ሃገራውን ማሕበራውን ንጥፈታትና ኣገዳሲ ምኻኑ ይዝረበሉ እዩ። ዘረባ ኣቦይ ኣብርሃ እንክሰምዕ ግን፡ ኣብ ሰውራ ዝፈረየ ስነ ጥበብን ስነ ጥበበኛን ከመይ ኢሉ'ዩ ኣብ ኣንጉዕ ሕብረተሰቡ ኣትዩ ይገርመኒ። ድሕሪ ዕሙር ባህላዊ ምርኢት፡ "ሃየ ብረት ሰዉእ ዘልዕል!" ክብሃል እንክሎ፡ ሰብ ሸዓኣ ንኽጋደል በታ ዝወጽኣ ናብ መካይን ክሰቀል እንክሎ፡ ከም ተራ ጕስጓስ ክወስዶ የጸግመኒ። ናይ ብሓቂ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ምንቕቓሕ ኣደይቡ፡ ንመንፈሱ፡ ቀልቡን ስምዒቱን ንበረኻ ዓዱ ከም ዝሓንን'ዩ ዝገብር ዝነበረ።

ሻዕብያ፡ እታ ከም ጋንታ ኵዕሶ እግሪ እንሓስባ ዝነበርና፡ ካብ እንዳ ኣማኒኤል ወይ እንዳ ጋብር ደርዓንቶ መጺኣ ትገጥም'ዩ ዝመስለና ዝነበረ። ኵዕሶ ንኽትጻወት ከኣ ነቶም ኣብ 'ቲቦ' (መዓስከር ሰራዊት ኢትዮጵያ) ዝነበሩ ወተሃደራት ኣሸኪዓ፡ ሰሊኻ ብምእታው፡ ትጻወት ዝነበረት'ዩ ዝመስለና ዝነበረ። እቲ ብንኡስ ዕድመና ከነሰላስሎ ዘይንኽእል ቅንጥብጣብ ሓበሬታ፡ ከም ዝጥዕመና ኢና መላሊእና ነተሓሕዞ ዝነበርና። እንዳ ኣማኒኤል፡ ህዝባዊ ግንባር እትንቀሳቐሶ ዝነበረት ከባቢ'ዩ። ዝበዝሐ ንሜዳ ዝወጽእ ዝነበረ፡ ብዓዲ ብላይ ኣቢሉ ናብ እንዳ ኣማኒኤል ይኸይድ። ተጋደልቲ ተቐቢሎም፡ ንሜዳኡ የፋንዉዎ ነበሩ። ክንደይ ካብ ደቂ ገዛውትና "ኵንታል በሊዕካ ተመለስ" ተባሂላ ካብ እንዳ ኣማኒኤል ዝተመልሰት ኣላ። ሓደ እዋን ሓደ ካብ ደቂ ኣቦይ ኣብርሃ ንገድሊ ክስለፍ ኢሉ ተበጊሱ፣ ግን ኣይሰለጦን፡ ተታሒዙ። ንሱ ብመገዲ ኩዶ ፈላሲ ክኸይድ'ዩ ፈቲኑ መሰለኒ። ኣቦይ ኣብርሃ ምስ ገለ ዋሕስ ዝኾኑ ሰብ ሒዞም ንወዶም ካብ ቤት ማእሰርቲ ከውጽኡዎ ከዱ። በቲ ግዜ ኣቦይ ኣብርሃ ክልተ ሰለስተ ደቆም ተጋደልቲ ነበሩ። እቲ መስርሕ ዋሕስ ወዲኦም ግና ከይወጽኡ እንከለዉ፡ ንወዶም ክስሃሉዎ ጀመሩ። ኣቦይ ኣብርሃ ዝድርብዩዎ ድፍረት ዘሎዎ ዘረባ ብዙሕ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ማእከል እንዳ ፓሊስ፡ "ኣሕዋትካ ርኣዩኒ እናበሉ ድዮም ከይዶም፣ መገዲ ኣሕዋትካ ጠፊኡካ፡" በሉዎ። ትብዓቶም ኵሉ ሳዕ'ያ ትገርመኒ።

ኣቦይ ኣብርሃ፡ ድምጺ ሓፋሽ ሰሚዖም፡ ኣዕሊሎም ወዲኦም፡ ክብገሱ እንክለዉ ዘዕርጉዋ ሓንቲ ጸሎት ነበረቶም፣ "ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ናጽነት ከይርኣኹዋ ኣይትውሰደኒ!" ኣቦይ እዝጊ ግን ዝሓሸ መደብ ግዲ ሰሪዕሎም፡ ናጽነት ድሕሪ ዕረፍቶም ከይደንጐየት እያ መጺኣ።


*ርሑስ ቅንያት ናጽነት!*

## ራስ ሓማስ - በኹሪ ዓይነይ

ሰንበት - 13 ሰነ 2016
07:30 ቅ.ቐ. - ራስሓማስ

ምስ ብርዕን ምንጻፍ ጽሑፍን ዳየሪ ካብ ዘይንራኸብ ነዊሑ። ሕጂ ግና ቀፎ ትዕዝብተይ ግዲ ነዋኒውኒ ገለ ክብል። ደረት ትርኢት ባሕሪ ፊተፊት ንኽዕዘቦ በኹሪ ዓይነይ እዩ። ዝነበረኒ ሃረርታ ልዕሊ ዕምቈቱ'ዩ እንተ በልኩ እኳ ምግናን ኣይኩነን። ኰይኑ ከኣ ኣብ ገምገሙ ዘለኹ። ናይ ፈለማ ተምሳጠይ ምዕጋብ ግዲ ሰኢነ፡ ኣብ ጸሓይ ዕራብ ምስ ባሕሪ ፊተፊት ምስ ተራኸብኩ፡ ብተኣምር ጽባቐኡ ፍሽኽ ክብለኒ ተዓዚበዮ። ውሽጣዊ ስምዒተይ እንዳ መን ሓይሊ ተጻዊኑዎ ምኽኽ ክብል ተፈሊጡኒ።

ዘለኹዎ ዓዲ፡ ዓዲ ሃሩር ይኹን እምበር፡ ኣነ ካብ እዋን ቍሪ ከይደዮ። ኣብ ሓጺር ናይ ሰዓታት ጉዕዞይ ዝተፈለየ ወቕቲ ምርኣየይ፡ ኣድባራት ስምዒተይ ተምሳጡ ከም ዝብርኽ እዩ ኰይኑ። ቅድሚ ባሕሪ ምቕራብካ፡ ናቱ ዝተፈልየ ሽታ ካብ ርሑቕ ቦታ ይቕበለካ። "ቅድሚኻ ኣለኹ እዩ፡" ዝብል።



እተን ካብ ማይ ዲጋ ዝሰፍሕ ርእየን ዘይፈልጣ ኣዒንተይ፡ ባሕሪ ምስ ጠመታ ምእማን ስኢነን። ክኣምና ግን ግድነት እዩ። ኣብ ገምገሙ ስለ ዘለዋ። ኪኖ ትርኢት ማዕዶ ባሕሪ፡ መሬት ኣሎ ኢልካ ክትኣምን ንዝጫበጠካ'ውን ዘጸግም እዩ። ስፍሓቱ ኣሰዊዱ ቅድሚኻ ምስ ተነጽፈ፡ ብድሕሪኡ መሬት ኣሎ ክትብል ዘኸበደ እዩ። ለካ ልቢ ዘሎዎ ሰብሲ፡ ዓቕሊ ዘወነነ፡ 'ባሕሪ ዓቕሉ' ክብሃል ሓቂ እዩ። ኣብ ከርሲ ውሽጡ ዓቂብዎ ዘሎ፡ እንተ ዝጸዊ ሰማዓይ ምተገረመ።

ንዘፈልጦ እውን ሓሊፉ ኣየጋይሸን። ካብቶም ኣብኡ ዝነብሩ ዓሳታት ድቕቕ ዝበሉ ድኣ ኰይኖም እምበር ኣብ እግረይ ለመም ይብሉኒ። ብቓና ሕብርታቶም ባህታኻ የዛይዱ። እናሓንበስኩ ኣብ ዕምቈቱን ስፍሓቱን ናብ ዘብለሉ እዋን፡ ንትዕዝብተይ ዘደንጸወ፡ ንስሕበታዊ ርእየት ዓይነይ ዝማረኸ ትርኢት ጎፍ በለኒ። ክንዲ ክልተ ሰብ ዝኾኑ ኣቡሳላማ ዓሳ ኣብ ፊተይ ምስ ተዓዘብኩ፡ ኣበየናይ ዓለም ገይሸ ከም ዘለኹ ተደኒቐ። ለካ ንነፍሲወከፍ ሰብ ከም ናይ ባሕሪ ዓቕሊ እንተ ዘበጽሓና፡ ፍቕሪ ነጊሱ ጽልኢ ቦታ ምስኣነ። ባሕሪ ዓቕሊ ይፍጠረልና።

**መሓመድ (ኣብሾ)**
**ክ/ሰ 84 - ጉ/ባ/ኣይዳብ**

## ፍረ ስርናይ

*12 ግንቦት 2026*
*03:14 ድ.ቐ. - ኣስመራ*

"እታ ፍረ ስርናይ ወዲቓ ኣብ ባይታ
ኦሮማይ ንምንባር፡ ኣኺሉ'ዩ ሞታ
ሓመድ ቀቢሩዋ፡ ኰይኑዋ ቀብጸት፡"
ኢሎም በይኖሙላ ፍርዲ መሬት፣



መዓልታት ሓሊፉ ንሳ'ውን ኣስቂጣ
ዝብሉዋ ክትሰምዕ ታሕቲ ተጸቒጣ
ዝብሉዎ ኢሎም ቃላት ምስ ወድኡ
ቅልቅል ኢላ ወጺኣ ርእሶም ንኽደፍኡ፣



እቶም ተዛረብቲ ከኣልቲ መደረ
ፈላጣት ኢና ዝበሉዎ ኰይኑ ንወረ
መልሓሶም ዓጺፎም ተጕልቢቦም ሕፍረት
ዝብሉዎ ስኢኖም ሓጺሩዎም ድፍረት፣

ወዮ ፍረ ስርናይ ድሕሪ ቍሩብ እዋን
ይትርፍ ክትመዉት በዚሓን ሰሲናን
ኪንዮ ሓደ ምኻን እሽሓት ፈርያ
ውድቀታን ስቓያን ኰይኑ ንሰናያ።



እቶም ኣሽሓት ፍረ ናይታ ዝሰሰነት
ገለኦም በቒዮም ቀለብ ውሻጠ ቤት
ገለኦም ተዓቝሮም ንዘርኢ ክራማት
ከምታ ፍረ ስርናይ ንኽፈርዩ ኣእላፍ
ተሰምዮም ሰማእታት።

**ፍርቱና ተኣምራት**

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሩስያ፡ ልምምድ ኑክለስያዊ ኣጽዋር ተካይድ



ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ መላእ እታ ሃገር ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ወተሃደራት ዝሳተፉ ናይ ሰለስተ መዓልታት ልምምድ ኑክለስያዊ ኣጽዋር ከም ዝጀመረ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተሓበረ፡ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ኣብ ሩስያ ጸዕጺዑ ኣብ ዘለወሉን፡ ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ናብ ቻይና ኣብ ዘምርሓሉ ዘሎን እዩ።

እቲ ልምምድ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሩስያን ኣመሪካን ዝነበረ ናይ መወዳእታ ስምምዕ ኑክለስያዊ ኣጽዋር ድሕሪ ምፍራሱ ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ እዩ ዝካየድ ዘሎ።

“ሓይልታት ፌደራሽን ሩስያ ንዘሎዋ ወተሃደራዊ ስግኣታት ንምብዳህ ድሉዋት ክኾኑ ስለ ዘለዎም፡ ካብ 19 ክሳብ 21 ግንቦት 2026 ዝቕጽል ልምምድ የካይዱ ኣለዉ፡” ክብል ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይታ ሃገር ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ለካቲት፡ ቻይና ምስ ኣመሪካ ዝነበራ ቀያዲ ስምምዕ ‘ኒው ስታርት’ ብምብቃዑ፡ ክልተአን ዓበይቲ ኑክለስያዊ ሓይልታት ዓለምና ካብ ዝተፈላለየ ቀይዲታት ብወግዒ ነጻ ዝኾነሉ ኩነታት ከም ዝፈጠረ ይገልጽ።

እቲ ኑክሌሳዊ ልምምድ፡ ልዕሊ 65 ሽሕ ወተሃደራትን 7,800 ዝተፈላለየ ኣጽዋርን ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ካብኡ እቲ ልዕሊ 200 መወንጨፊ ሚሳይላት ከም ዝኾነ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ነፈርቲ ውግእ፡ መራኽብ ኩናት፡ ከምኡ ድማ ኑክሌር ዝዓጠቓን ዘይዓጠቓን ሰብመራኽብ ኣብቲ ልምምድ ክሳተፉ ምዃኖም እቲ ሚኒስትሪ ኣመልኪቱ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ክሩዝን ባለስቲካውን ሚሳይላት እውን ኣብቲ ልምምድ ንፈተነ ከም ዝውንጨፉ ገሊጹ'ሎ።

ሩስያ፡ ኑክሌሳዊ ቦምባ ናይ ምሽካም ዓቕሚ ዘለዎ ሚሳይላት (ኦሬሽኒክ)፡ ኣብ መሬት ናይታ መሓዛኣን ምስ ሃገራት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) እትዳወብ ቤላሩስ ኣጻዊዳ ከም ዘላ ይፍለጥ።

## ቓዛ - ሓገዝ ዝጸዓና ጃላቡ ተወሪረን

ሓይልታት እስራኤል፡ ንፍልስጤማውያን ሰብኣዊ ሓገዝ ንምሃብ ናብ ቓዛ ዘምረሓ ጃላቡ፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ማእከላይ ባሕሪ ምስ በጽሓ 41 ካብኣተን ከም ዝወረሩወን፡ ኣዳለውቲ ናይተን ናይ ሓገዝ ጃላቡ ሓቢሮም።

ይኹን'ምበር፡ 10 ጃላቡ ግና ናብ'ቲ ተኸርዲኑ ዝርከብ ወሽመጥ ቓዛ ገጸን መገደን ይቕጽላ ከም ዘለዋ ኣረዲኦም።

እተን ክሳብ ሕጂ መገደን ዝቕጽላ ዘለዋ ጃላቡ፡ ካብ ቓዛ ኣስታት 121 ናቲካል ማይልስ (224 ኪ.ሜ) ርሒቐን ከም ዘለዋ'ውን ኣመልኪቶም።




ዝሓለፈ ሰሙን፡ ንፍልስጤማውያን ሰብኣዊ ሓገዝ ዝጸዓና ልዕሊ 50 ጃላቡ ካብ ወደባዊት ከተማ ማርማሪስ ቱርኪ ከም እተበገሳ ይዝከር።

ሓያሎ ሃገራት፡ ነቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ረድኤት ዝጸዓና ጃላቡ እትፍጽሞ ዘላ መጥቃዕቲ ኮኒነኦ ኣለዋ።

ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ቱርኪ፡ ስጳኛ፡ የርዳኖስ፡ ፓኪስታን፡ ባንግላደሽ፡ ብራዚል፡ ኢንዶነዥያ፡ ኮሎምብያ፡ ሊብያን ማልዲቭስን ኣብ ዘውጽእዎ ሓባራዊ መግለጺ፡ ንተግባራት ሓይልታት እስራኤል “ቅሉዕ ጥሕሰት ኣህጉራዊ ሕግን ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕግን” ክብሉ ወቒሶሞ ኣለዉ።

እቶም ሚኒስተራት ወሲኾም፡ ኩሎም ተኣሲሮም ዘለዉ ተሓለቕቲ ፍልስጤማውያን ብቕልጡፍ ክፍትሑ፡ ከምኡ'ውን መሰሎም ምሉእ ብምሉእ ክሕለወሎም ጸዊዖም።







## ኢራን፡ ሓድሽ እማመ ሰላም ንኣመሪካ ኣቕሪባ

መንግስቲ ኢራን፡ ኣብ ሊባኖስን ኣብ ካልእ ግንባራት ማእከላይ ምብራቕን ዝካየድ ዘሎ ተጻብኦታት ኣመሪካ ደው ክብል፡ ሓይልታት ኣመሪካ ናብ ኢራን ካብ ዝቐረባ ከባቢታት ክወጻ፡ ከምኡ'ውን ብሰንኪ መጥቃዕቲ ኣመሪካን እስራኤልን ናይ ዝሰዓበ ዕንወት ካሕሳ ክኸፍሉን ዝብል ናይ መወዳእታ እማመ ሰላም ንኣመሪካ ከም ዘቕረበት ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ምክትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ካዘም ጋሪብባዲ፡ ኢራን ኣብ ልዕሊኣ ጸገው ዘሎ እገዳ ክለዓል፡ ተዓጽዩ ዘሎ ፋይናንስያዊ ሓሳባታ ክልቀቐላን ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ወደባታ ኣጻኒዓቶ ዘላ ከርደና ክብቀዕን ከም ዝጠለበ፡ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ኣመልኪተን።




እቲ ንዓለምለኻዊ ቀረብ ነዳድን ካልእ ንግዳዊ ኣቑሑን ቀንዲ መተሓላለፊ መስመር ዝኾነ መጸበቦ ሆርሙዝ ብዘተ ዶምጋይ ንኽኽፈት፡ ጸቕጢ ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ልዕሊ ትራምፕ ኣብ ዝሕየለሉ ዘሎ እዋን፡ እቲ ኣመሪካዊ ፕረዚደንት ነቲ ግጭት ንምዕራፍ ቀሪብ ምዃኑ ገሊጹ ነይሩ።

ትራምፕ ብዘይካ'ዚ፡ ኢራን ኣብ ስምምዕ እንተ ዘይበጺሓ፡ ከቢድ መጥቃዕቲ ከም ዝፍጸመላ ብተደጋጋሚ ከፈራርሕጸኒሑ እዩ።

ትራምፕ፡ ኢራን ትማሊ ሰኑይ ናብ ኣመሪካ ሓድሽ ናይ ሰላም እማመ ምስ ለኣኸት፡ ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ዳግማይ መጥቃዕቲ ንምጅማር ሓንጺጽዎ ዝነበረ ወጥን ከም ዘቋረጾ፡ እዚ ድማ ንኑክለስያዊ መደባት ኢራን ኣብ ዝድርት ስምምዕ ንምብጻሕ ዕድል ዝሀብ ምዃኑ ገሊጹ።

እዚ ክምዚ'ሉ እንከሎ፡ ትራምፕ፡ ብሕቶ ቀጠር፡ ስዑዲ ዓረብን ሕቡራት ኢማራት ዓረብን መሰረት፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ክፍጸም ተሓሲቡ ዝነበረ መጥቃዕቲ ከም ዘወንዘፎ ድሕሪ ምግላጹ፡ “ሕጂ ዕቱብ ዝርርብ ይካየድ ኣሎ” ክብል ኣመልኪቱ።

## ኮንጎ - ቁጽሪ ግዳያት ሕማም ኢቦላ ልዕሊ 130 በጺሑ



ኣብ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ብሰንኪ ለበዒ ሕማም ኢቦላ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ 131 ከም ዝበጽሐ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይ'ታ ሃገር ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ 513 ካልኦት በቲ ቀታሊ ቫይረስ ተለኺፎም ክኾኑ ከም ዝኽእሉ፡ እቲ ሚኒስትሪ ኣመልኪቱ።

ውድብ ጥዕና ዓለም ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ስፍሓትን ቅልጣፈን ናይቲ ድሮ ናብ ኡጋንዳ ክዝርጋሕ ጀሚሩ ዘሎ ለበዳ ኣዝዩ ዘሻቕል ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ብቫይረስ ‘ቡንዲቡግዮ’ ዝስዕብ ኣብ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን ኣብ ኣፍሪቃ ልዕሊ 15 ሽሕ ሰባት ዝቐተለን ሕማም ኢቦላ፡ ዝኾነ ዓይነት ክታበት ኣይተረኸበሉን ዘሎ - ብመሰረት ሰብ ሞያ ጥዕና።

ንፈለማ እዋን ኣብ 1976 ኣብ ‘ዛየር’ (ናይ ሕጂ ደሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ) ዝተቐልቀለ ኢቦላ፡ ካብ መንካዕ ዝተበገሰ ምዃኑ'ዩ ዝእመን።

ኣብ'ዛ ንመበል 17 ግዜ እቲ ለበዒ ኣጋጢምዋ ዘሎ ኣፍሪቃዊት ሃገር፡ ካብ 2018 ክሳብ 2020 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ጠንቂ ሞት 2,300 ሰባት ከም ዝኾነ ኣይርሳዕን።

ኣብ ዝሓለፈ 50 ዓመታት፡ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ጥራይ ኣስታት 15,000 ሰባት በቲ ሕማም ሞይቶም ኣለዉ - ብመሰረት ጸብጻባት።

ማእከል ናይ'ቲ ለበዳ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ደረኮንጎ፡ ማለት ኣብቲ ምስ ኡጋንዳን ደቡብ ሱዳንን ዝዳወብ ከባቢታት ኮይኑ፡ እቲ ከባቢ ማእከል ዕደና ወርቂ ብምዃኑ ምንቅስቓስ ናይ ሰባት ቀጻሊ ከም ዝኾነ ይሕበር።

እቲ መልክዕቲ ብዝበዝሐ ኣብ ደረኮንጎ ኣጋጢሙ እኳ እንተ ሃለወ፡ ናብ ጐረባብቲ ሃገራት'ውን ድሮ ክስፋሕፍሕ ጀሚሩ ምህላዉ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 20/5/26 | ጎደና እምባረሚ 755 ቁፅቢ ሚ/ራሕርሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services